
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.87 | ረቡዕ 11 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሓደስቲ መራሕቲ ኣብ ጥንታዊት ከተማ ደማስቆ






ገጽ 4
ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት




ገጽ 5
ነጥበ መቒየሮ




ገጽ 6
ኣገዳስነት ክሎሪን ኣብ ትካላት ዓሳ





ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ቀጺሉ



# ማእከል - ዓውደ-ትርኢት ዕዮ ዲጂታዊ ቴክኖሎጂ ተመሃሮ ተኸፊቱ

ብምትሕብባር ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ተመሃሮን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከልን ዝተወደበ ዓውደ-ትርኢት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ብ8 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስትን ግንባርን ዝተረኸብሉ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ኣብ ትካላት ትምህርትን መሰልጠኒ ማእከላትን ሃገርና፡ ብውሱን ደረጃ'ኳ እንተኾነ - ኣበርክቶ ዝዑቡ መደባትን መሳርሒታትን ተኣታቲዮም ይሰርሑሉ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎም ኣበርክቶ ብዕቱብ ተገምጊሙ፡ ብወሁድ ኣኾቡብ ግዜኦም ሓልዮም ናብ መሳርዕ መሳለጥያታት ትምህርቲ ክኣትዉ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።



ኣብ ዞባ ማእከል ዝካየድ ዘሎ ፈተነታት ዓውደ-ትርኢት ዕዮ ዲጂታዊ ቴክኖሎጂ ተመሃሮ፡ ኣካል'ቲ ዝዓበየ መርሓ ምዃኑ ዝሓበረ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ደረጃ ብደረጃ እናሰፍሐን ንብዙሓት ተመሃሮ ዕድል እናፈጠረን ዝኸደሉ ኩነታት ክፍጠርን ናብ ኩለን ዞባታት ክበጽሕን ክጽዕረሉ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዳይረክተር ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ተመሃሮ መምህር ደስበለ መሓሪ ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ማእከል - ተመሃሮ ክጽዕ'ቲ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብሰሩዕ ዝቐሰምዎ ፍልጠትን ዘጥረይዎ ክእለትን ግብራዊ ፈተነታት ዘካይዱሉን ዝመራመሩሉን፡ ከምኡ'ውን ስነ-ፍልጠታዊ ኣመለኻኽታኦም ዘስፍሕሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ መንፈስ ሓብራዊ ስራሕ'ውን ከምዘሰስኮስ ኣገንዚቡ።



ስእሊ. የውሃንስ መብራህቱ

ነቲ ስልጠና ካብ ዝሃቡ መሃንድስ ፈልሞን ሃብተ ድማ፡ እቲ ክሳብ 15 ታሕሳስ ዝቕጽል ዓውደ-ትርኢት፡ ብተመሃሮ ዝፈረያን ዝማዕበላን ወጽኢት ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተርን ሮቦትን፡ ኤሌክትሪሲቲ፡ ኤሌክትሮኒክስን ሰብ-ሰርሖ ብልሒን ከምዝጠቓለል ብምሕባር፡ ዘሎ ሕጽረታት ተፈቲሑ - እቲ ስልጠና ብዝለቐቐ ክሰርሓሉ ተላቢዩ።

ኣብ 2008 ዝተማስረተ ማእከል ትምህርትን ዳህሳስን ተመሃሮ፡ ኣብ 3 ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ዝተደኮነ ትምህርታውን ምርምራውን ማእከል እዩ።

# ሃማደኤ፡ ከካይዶ ዝቐነየ ኣነቓቓሒ መደባት ይዛዝም

ሃማደኤ፡ ብምኽንያት 'ኣህጉራዊ መዓልቲ ምቅላስ ኣንጻር ኩሉ ዓይነታት ኣድልዎ ደቂ ኣንስትዮ'፡ "ሓቢርና ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ነውፍር" ብዝብል ቴማ ካብ 25 ሕዳር ኣብ ኣስመራ ከካይዶ ዝቐነየ ኣነቓቓሒ መደባት፡ ትማሊ 10 ታሕሳስ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊት ክፍሊ ማሕበራ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ሃማደኤ ውዳበታቱ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ብምዝርጋሕ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ተወሃሂዱ ዕላማታቱ ንምውቃዕ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኤርትራ ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣባል ሕቡራት ሃገራት እንተዘይነበረት፡ ንመትከላት ናይ'ቲ ኣብ 1979 ብሓፈሻዊ ባይቶ ዝጸደቐ ውዕል 'ምውጋድ ኩሉ ኣድልዎ ማሰላት ደቂ-ኣንስትዮ' ትሰርሓሉ ከምዝነበረት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ - ኣብ 1995 ከም ዝፈረመትሉ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሰናይት፡ እዚ መርኣያ ናይ'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ንምዕባለ ደቂ-ኣንስትዮ ዝኽተሎ መትከላትን ዘእተዎ መብጽዓን ከምዝኾነ ሓቢራ።

ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ልዕሊ 45 ሚእታዊት፡ ብሕጊ ኣብ ዝተደገፈን ብግብሪ ዝተሰርሐን ምዕሩይ ዕድላት ተጠቃምነት መሬት 47 ሚእታዊት፡ ኣብ ማሕበራ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ድማ 55 ሚእታዊት ከምዝበጽሓ ብምጥቃስ፡ ተራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ፖለቲካውን መንግስታውን መዳያት'ውን ዝምስገን ገስጋስ ኣመዝጊቡ ከምዘሎ ኣብሪሃ።

"እዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኣገዳስነት ዝእቶ መብጽዓታት ኣብ ቃልሲ ኣንጻር ዘይምዕሩይነት ዘዘኻኽር'ዩ" ዝበለት ኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ብወገና፡ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነት ኣመዝጊባቶ ዘላ ገስጋስ ሞጒሳ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝኸዱ ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኣትለቲክስ ንዝተዓወታ፡ ሽልማት ተዓደለ።

እቲ መደብ ብደረጃ ዓለም ንመበል 33፡ ብደረጃ ሃገርና ድማ ን9ይ ግዜ'ዩ ተዘኪሩ።

# ሳዋ፡ ሃማመተኤ ኣብ ውጥን ስራሕ 2025 ዘትዩ

ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ብ7 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየዶ ኣኼቡ፡ ገምጋም ስራሕ 2024 ብምኽያድ ኣብ መደብ 2025 ዘትዩ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ኣብ ትግባረ ዝወጸ ውጥን ዝነበረ ብልጫታትን ሃጓፋትን ብምልላይ፡ ኣብ 2025 ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ንዝተበገሰን ዘይተተግበረን ዕዮታት ንምዝዛም ሓያል ምክትታል ሓለፍቲ ዞባታትን ዝተዋህሃደ ዕዮ ሓለፍቲ ኮለጃትን ክህሉ ኣዘኻኺሩ።

መበል 11 ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ኣብ 2024 ብዓወት ካብ ዝተሰላሰለ መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ 2025 ንዝካየድ ተመሳሳሊ መደብ ተበጊሱ ዘሎ ስራሕ ብዝተወደበ መልክዕ ክካየድ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ ጨናፍር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎን ኮለጃትን ጸብጻብ ንጥፈታተን ኣቕሪበን ብዕምቈት ተዘቲዩሉን።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ወ/ት ሄለን ኣሚን ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ኣብ 2024 ዝተረኣየ ሃጓፋት ኣብ 2025 ክፍወስ ምእንቲ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ብወህደት ክሰርሑ ተላቢዮ።

ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ 30 ደቂ-ኣንስትዮ ንዝርከብኦም 126 ወከልቲ መንእሰያት ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብ6 ታሕሳስ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ከምኡ'ውን ኣብ ሓፈሻዊ ኣገባብ ኣወዳድባን መደባትን ዘተኮረ ስልጠና፡ ንትግባረ ውጥን መደብ ስራሕ 2025 ኣብ ግምት ዘእተወ'ዩ።



ስእሊ- የውሃንስ መብራህቱ



# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሓደስቲ መራሕቲ ኣብ ጥንታዊት ከተማ ደማስቆ

ንሓያለ ዓመታት ዝፃ ኣሉ ዝጸንሐ ሓድሕድ ውግእ ሶርያ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ከም ብሓደሽ ከም እተወለዐ፡ ኣብ ሓደ ውድብ ዝተጠርነፉ ዕጡቓት ሃይማኖታውያን ጉጅለታት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣማኢት ኪሎሜተራት ተጓዒዞም ከተማ ደማስቆ ከም እተቘጻጸሩ ይፍለጥ።

ኣብ ግንባር 'ሃይኣት ታሕሪር ኣሻም' ዝተጠርነፉ ጠበይ ዕላማን ረብሓን ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ይትረፍ ዶ ኣብ ከምዚ ሓጺር ግዜ ኣብ ሰሜን ካብ ዝበረ መዓስከራት ተበጊሶም ከተማታት ሓራ ከውጽኡስ ካብቲ ተዓኺሞምሉ ዝበረ ወተሃደራዊ ስዕረት ተበራቢሮም ንስርዓት ፕረዚደንት ኣሳድ ከውድቑ ኣሉ ዝበሎመ ወተሃደራዊ ተንታኒ ኣይነበረን። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝጀመረ መጥቃዕቲ፡ ካልኣይ ዓባይ ከተማ ንዝኾነት ሓሌብ ከም እተቘጻጸሩ ምስ ተሓበረ፡ ሰራዊት መንግስቲ ዳግመ ስርርዕ ገይሩ ክከላኸለን ነታ ከተማ ሓራ ከውጽእን ከም ዘዋግእ ተገሚቱ ነይሩ። ብኣንጻሩ ግና ሰራዊት መንግስቲ ጸንቂቑ ስለ ዝወጸ፡ እቲ ዕጡቕ ሓይሊ ኣብቲ ሰፊሕ ናብ ደማስቆ ዝወስድ መንገዲ ዝተደኮና ዓበይቲ ከተማታት እናሓዘ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ለይቲ ርእሲ ከተማ ደማስቆ ከም ዝኸሓ ይዝከር።

ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኣብ ካልኣት ሃገራት ዓለምን፡ ኣብ 2011 ዝተወለዐ ንመንግስታት ዝግልበጥ ሕብራዊ ሰውራታት እናተባህለ ዝጸዋዕ ህዝባዊ ናዕቢታት፡ ኣብ ሶርያ እውን ተወለዐ ነበረ፡፡ ሩስያን ኢራንን ዝርከብዎምን ናይ ሓያሎ መሻርኽቲ ብዙሓዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ፕረዚደንት በሻር ነቲ ሰውራ ክደቕሶ ክኢሉ ነይሩ። እቲ ህዝባዊ ናዕቢታት ናብ ሓያል ደማዊ ውግእ ምስ ማዕበለ ብዙሓት ሃይማኖታውያንን ሃገራውያንን ዕጡቓት ጉጅለታት ተሚጨሐን። ካብ ሶርያን ዒራቕን ካብ እተጨራረመ ግዝኣት 'ከሊፋዊ መንግስቲ' እውን ተመስሪቱ ነይሩ።

እቲ ብኢስላሚክ ጂሃድ (ዳዕሽ) ዝምራሕ ዝበረ ከሊፋዊ መንግስቲ፡ ጥንታዊ ሃይማኖት ኣበው (ሰለፊያ) ብዝበሎ ስርዓት እናተመርሐ ኣብ ልዕሊ ዘይሰዕብዎን ዘይኣምኑሉን ዘውረዶ ግፍዕታት ኣብ ታሪኽ ተሰኒዱ ኣሎ። ብሰንኪ እቲ ጨካን ምሕደራ ዝተወለዐ ቁጠዐ ድማ ሓያሎ መንግስታት ዓለም ተረባሪበን ነቲ ከሊፋዊ መንግስቲ ከም ዝደምሰሶ ይዝከር። ምስ ቱርኪ ኣብ ዝዳወብ ሰሜናዊ ክፋል ሶርያ ግና ንሓያሎ ረብሓታት ዝውክሉ ኣንጻር ፕረዚደንት በሻር ኣልኣሳድ ዝዋጋኡ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ጸቢብቲ ሕዛእቲ ዓስኪረን ነበራ። ኣብቲ ኢድሊብ ዝበሃል ዞባ ብቱርኪ ዝድገፉ ኣንጻር ኣሳድ ዝጋደሉ ጉጅለታት፡ ብኣመራጻ ዝሕገዙ ንርእሰ ምምሕዳር ኩርዲ ዝዋግኡ ኣንጻር ኣሳድ ዝኾኑ ሶርያውያን፡ ናይ ዓለም ለኻዊ ውድብ ሽበራ ኣልቃዒዳ ጨንፈር ሃገረ ሻም (ሶርያ፡ ዒራቕን ሊባኖስን) ዝኾኑ ጀብሃት ኣልኑስራን ካልኦት ሃይማኖታውያንን ሃገራውያንን ጉጅለታት ይንቀሳቐሱ ነበሩ።


ኣብቲ ብ2011 ኣብ ሶርያ ዝተወለዐ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ንፕረዚደንት በሻር ኣልኣሳድ ንምድጋፍ ምስ ሶርያ ብሓይሊ ኣየር ዝተሰለፈት ሩስያ፡ ብኢጋር ሰራዊት ዝተሳተፋ ኣመንቲ ሺዓ ዝኾኑ ከም ሕዝቦላህ ዝኣመሰሉ ወገናት ብዘበርክትዎ ሓያል ወተሃደራዊ ተሳትፎ መንግስቲ በሻር ኣልኣሳድ ክሰብ ሕጂ ምጽንሑ ዘይስሓት እዩ።

ንሓያሎ ዓመታት ድማ እታ ሃገር ብተዛማዲ ሰላም ሃዲኣ ጸኒሓ። ሓገዝታ ካብ ዝበሩ - ናይ ሊባኖስ ሕዝቡላህ ምስ እስራኤል ብዘፈጠሮ ረጽሚ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሙ ኣገዩ ኣብ ዝተዳኸመሉ ግዜን ኣብ ናይ ምስራርን ህልውናን ሕቶ እናሃለወ ተቓወምቲ ዕጡቓት ምምሕዳር ደማስቆ ፍናን ዝሰለም ኢጋጣሚ ኩይኑ።

ምስ እስራኤል ኣብ ዝተፈጥረ ጎንጺ ሓያሎ ወተሃደራዊ ኣዘዝትን ክኢላታት ዓውዲ ውግእን ስኢና ዘላ ኢራን ንመንግስቲ በሻር ክትረድኦ ግዜ እውን ኣይረኸበትን። እቲ ኣብ ሶርያ ዝነበረ ዝበረ ወተሃደራዊ ጸብለልታ ዕጡቓት ንምዕዛብ ኣብ ከተማ ደማስቆ ተረኺቡ ዝበረ ኢራናዊ ብዓል ስልጣን፡ ኲናት ናይቶም ዕጡቓት "ውዲት እስራኤል" ምዃኑ ገሊጹ ምንባሩ ይፍለጥ። ሩስያ እውን ክሳዕ እተን ከተካይደን ዝቐጸት ወሰን ደብዳብ ነፈርቲ ብዙሕ ኣይተሻቐለትን - ካብ ናይ በሻር ኣልኣሳድ መዝበር ንላዕሊ ኣብ ዩክረይን ብዙሕ ዘገድስ ነገራት ኣለዋ።

ውድብ ሓርነት ሻም (ሃይኣት ታሕሪር ኣሻም) እምበኣር፡ ኣብ ቓዛን ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳን ዝተፈጥረ ኩነታት መዝዮግዙ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ክጅምር ተበጊዑ፡ ብውሑዱ ካብቶም ናይ ደማስቆ ወተሃደራዊ መኩንናት ዝሓሸ ናይ ዓውዲ ኩናት ሚዛን ኣርእዩ ክበሃል ይከኣል።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ፕረዚደንት ኣልኣሳድ ምስ ተቓወምቲ ዕርቂ ክገብር ቱርኪ ክትሓትት ቀንያ እያ። ካብቲ ብብዙሕ ዓለም ለኻዊ ደገፍ ዝተረኸበ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ተዘክሮ ዓወት ክሰግር ዘይከኣለ መንግስቲ ደማስቆ ነቲ ናይ ዕርቂ ጻውዒታት ክጸጎ ጸኒሑ እዩ። ተቓወምቲ ኣኪታቲሎም ከተማታት ሓራ እናኣውጽኡ ምስ ዝከዱ ድማ ሰብ ስልጣን ቱርኪ "ካብ ዝፈራሕናዮ ኣይወጸእናን" ኢሎም። እቶም ተቓወምቲ፡ ቱርኪ ዘይትፈልጦ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ገይሮም ኢልካ ምእማን ድማ የጸግም። ምኽንያቱ ቱርኪ ንሓያሎ ዓመታት ዝተሰከመቶም ልዕሊ 3.5 ሶርያውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ዝምለሱሉ ዕድላት እያ ክትጸበ ጸኒሓ።




## ዲፕሎማስያዊን ፖለቲካዊን ቀራና መንገዲ ሶርያ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንካልኣይቲ ዓባይ ከተማ ሓሌብ ዝተቘጻጸሩ ተቓወምቲ ደድሕሪ እቲ ክትክል ዘይከኣለ ሰራዊት መንግስቲ እናሰዓቡ፡ ኣማኢት ኪሎሜተራት ተጓዒዞም ኣብታ ካብ ከተማታት ዓለም ብዕድመ ዝቐደመት ናይ ኣሽሓት ዓመት ታሪኽ ዘለዋ ከተማ ደማስቆ ምእታዎም ዓለም ሰሚዓ ኣላ። ፕረዚደንት በሻር ኣል ኣሳድ እውን ሃዲሙ ኣብ ሞስኮ ተራእዩ ደብዘል ኣሎ። ተቓወምቲ ዕጡቓት ንመንግስቲ ሶርያ ምስ ገልበጡ እንታይ ክቕይሩ እዮም? መንግስቲ ሶርያ ብዕጥቂ ምስ ተዓልወ እንታይ ዓይነት ዓወት ተረኺቡ? ዝብሉ ሕቶታት ተበጊሶሙ ኣለዉ።

ውድብ ሓርነት ሻም ምስ ኣልቃዒዳ ዝበሮ ርክብ ምስ ኣቋረጸ ጀብሃት ኣኑስራ ዝብል ስም ቀይሩ እዚ ሕጂ ዘለዎ ስም ሒዙ። ካብቲ ምስ ኣልቃዒዳ ዝበሮ ብጸቢብ ሃይማኖታዊ ቀኖና ዝተሓጽረ ፖለቲካዊ ኣመለኻኽታ ወጺኡ ፍኹስ ዝበለ ተዛማዲ ተጻዋርነት ዘለዎ ክለሳ ሓሳብ ይለማመድ ከም ዘሎ እዩም ጸብጻብት ዝሕብሩ።

በሻር ኣልኣሳድ ክመርሖ ዝጸንሐ መንግስቲ 'ዓለዊ' ብዝበሃል ናይ ሺዓ ጨንፈር ዝኾነ እስላማዊ ጉጅለ ዝተዓብለለ እኳ እንተነበረ፡ ሃይማኖታዊ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። ናይ መንግስቲ ሃይማኖት ኣይነበሮን። ስልጣን ንምቕያር ንዝለዓሉ ተቓወምቲ ግና ንሕስያ ኣይነበሮን። ኣመንቲ ዓለዊ 13 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ እታ ሃገር እኳ እንተኾኑ ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ስልጣን ብምጽንሖም ብዙሕ ተቓወምቲ ክፍጠሩ ክኢሎም እዮም።

ሃይኣት ታሕሪር ኣሻም፡ ኣመንቲ ሱኒ ኢስላም ከም ምዃናም ነቲ ዝጸንሐ ናይ ስልጣን ሚዛን ቀይርዎ ኣሎ። ኣብታ ሓያሎ ዓሌታትን ሃይማኖታትን ዘለዋ ሶርያ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ካብ ኣልቃዒዳ ዝተፈንጨለ ዕጥቃዊ ጉጅለ ነተን ኩለን ዓሌታትን ሃይማኖታትን ኣሳቲፉ ክኸይድ ዝኽእል መንግስቲ እንድሕር ዘጣጥሕ ኩይኑ ዝቐጽል ሳዕንታት ክረኣ እዩ።

ከም መበቆላዊ ቋንቋ- ዓረብኛ ዝዛረብ ህዝቢ 70 ሚእታዊት እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ዓረብ'ውን ኣብ ሓደ ሃይማኖት ወይ ዓሌት ዝተጠምረ ኣይኮነን። ሓያሎ መለለዪ ዘለዎ ጨናፍር ኣለዎ። ኣሶራውያን፡ ኩርዲ፡ ፋርሳውያን፡ ዓሌታት ክርስትያን ኦርቶዶክስን ካቶሊክን፡ ድሩዝን ያዚዲን ዝኣመሰሉ ዓሌታት እውን ኣብ ሶርያ ይርከቡ። እዚ ሕጂ ስልጣን ሒዙ ዘሎ መንግስቲ ነዞም ኩሎም ማሕበራዊ ጉጅለታት ኣጻዊሩ ክኸይድ ዝኽእል ሻራ ዘይብሉ መንግስቲ ዝምስርት እንተኾይኑ ዝረአ እዩ።

ብምቕያር መንግስቲ ሶርያ ካብ ሃገራት ዓለም ጠበይ ርእይቶታት ኣብ ዝቐርበሉ ዘሎ ግዜ፡ ሩስያ፡ ፕረዚደንት በሻር ስልጣን ኣረኪቡ ናብ ሩስያ ከም እተሰደን ነዮም ተረፎም ዘለዉ ሰብ ማዚ ብሰላማዊ ኣገባብ ስልጣን ከረካኽቡ ከም ዝኣዘዘን ኣፍሊጣ። ጀርመን፡ በሻር ብምልጋሱ ዓቢ ሩፍታ ከም ዝኾነ ገሊጻ ኣላ። እስራኤል ግና ናይ በሻር ምልጋስ ሰናይ ዜና ከምዝዩኮነ፡ ሓደሽ ወተሃደራዊ ምድላዋት ክተካይድ ከምእትግደድን ገሊጻ። እስራኤል ኣብቲ ብ1967 ካብ ሶርያ ዝሓበጠቶን ኣብ 1981 ዝጠቕለለቶን ከበሳ ጎላን ዝርከብ እምባ ሄርሞን ዝርከብ መዓስከራ ክተሕይል ከምዘለዋ ሓደ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እስራኤል ኀቢጣቶ ዝበረት በረኻ ሲናይ ንግብጺ ክትመልስ፡ ግብጺ ኸኣ ንእስራኤል ኣፍልጦ ክትህባ ተሰማሚዐን ብደረጃ ኤምባሲ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ካብ ዝምስርታ ሓያሎ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እስራኤል፡ ንበሻር ኣልኣሳድ እውን ጎላን ንሶርያ ክትመልስ እዚ ዕድል እዚ ኣቕሪባትሉ ነይራ። ኣሳድ ግና ተሓሲሙ።

ውድብ ሓርነት ሻምን ሓዚልዎም ዝመጸ በበዓይነቱ ባህግን ረብሓን ዘለዎም ዕጡቓት ናብ እስራኤል ዘለዎም ኣረኣእያ ከይተሓልመ ዝተፈትሐ ነገር እዩ። ናብ እስራኤል ዝጠመተ ፖሊሲ ቀዳሚ ምትግባሩ ግዳ ኣብ ውሽጢ ሃገር ግና ብዙሕ ዘጸርዮ ነገራት ኣለዎ። እቲ ኣብ ጸቢብ ዞባ ተሓጺሩ ዝጸንሐ ዕጥቃዊ ጉጅለ መንግስታዊ ቅርጺ ዝሓዘ ውድብ እንድሕር ኣማዕቢሉ ጸኒሑ ዲፕሎማሲያውን ፖለቲካውን መርገጺቱ ቀልጢፉ ከጽርር እዩ። ምስ እዚ ብኣመንቲ ሱኒ ዝተዓብለለ መንግስቲ ደማስቆ፡ ኢራን ዝበራ ጽልዋ ክቕጽል ደዩስ ክልሕልሕ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኢራን ኣብ ሶርያ ክቕጽል ወይ ክየዕዝ እንተኾይኑ፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ዝረአ እዩ። ኣብ ደማስቆ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ውድብ ሓርነት ሻም ብሃገራት ምዕራብ ከም ኣሸባሪ ዝተመደበ ክኸውን እንከሎ፡ ንመራሒኡ ኣቡ መሓመድ ጀላኒ ሒዙ ዘረከበ ኸኣ ናይ 10 ሚልዮን ዶላር መቕሽሽ ክቕበል ይኽእል።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍሰሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ንሓድሽ ህይወት ነቒለ ኣለኹ

*14 ሚያዝያ*

*6:30 ድ.ቀ.*



ሳልስቲ ካባኺ ተፈልየ ኣብ ገዛይ ከይደቀስኩ'የ ብኣኺ ክሓስብ ቀንየ። ንግሆ ንግሆ ፈራስ ፍሽኽታይ ርኢኺ ተንብብኒ ኔርኪ ትኹኒ። ኣሸንባይዶ ንስኺስ ተመሃሮና'ኳ ፈሊጠሙኒ። ኣብዚ ገያጽ ጎቦታት ብማዕዶ ዘፈራርሑዎ፡ ካብ ከተማ ዝረሓቐ ዓዲ ከም መምህር ተመዲበ ክመጽእ እንክለኹ ጸላዕላዕ እናበለኒ እየ መጺአ። ኣብዚ መን ቤት ትምህርቲ ሃኒጹ ኢለ ነቲ ዝደኾና ክረግም ኣይተሰከፍኩን። ኣብዚ ቦታ መጺአ ሕልፊ ሰበይ ክለማመዶ ቊሩብ ግዜ በሊዐ። ግዜ፡ ንኹሉ ዝውስን ሓያል ኣምር እዩ። ኩሉ ንግዜ ምሃብ ጽቡቕ ምኳኑ ቀስ ኢለ ተረዲኤ። ንስኺ ከማይ ክትምህሪ ናብዚ ክትመጽኢ እንክለኺ፡ ካብ ብዙሕ ሓሳብ፡ ካብ ደድሕሪይ ዝኸዱ ብዙሓት ዘይተመለሱ ሕቶታት ህይወተይ ቊሩብ ተቓሊለ'የ ጸኒሐኪ። መጀመርታ መዓልቲ ዝተራኸብናላ ትርስዕያ ኢለ ኣይሓስብን።

መስከረም ተወዲኡስ ጥቅምቲ ኣፋሪቕኪ ኢኺ መጺእክና። ንሕና ቀዲምና ወርሒ ጌርና ጸኒሕናኪ። ምስዞም ትፈልጥዮም መሳርሕትና ኣብታ ወርሒ ጽቡቕ ጌርና ኢና ተወሃሂድና ኔርና። "ኣብዚ ክንደይ ዓመት ምሂርኩም?" ክትብልና እንክለኺ እቲ ምቅርራብና ናይ ዓመታት'ዩ ዝመስል ነይሩ። እንተኾነ ወርሕና'ዩ ነይሩ። ንስኺ ብሓደ ካብ መሳርሕትና ተመሪሕኪ ክትመጽኢ እንክለኺ፡ መምህር ምዃንኪ ብማዕዶ'ዮም ፈሊጦሙኺ። ንዓይ "ቀልጥፍ…! ቀልጥፍ…!" እናበሉ ኣብታ ናይ ርእሰ-መምህርና መንበር ኮፍ ኣቢሎሙኒ። ርእሰ-መምህርና ሰለ ዘይነበረ ከም ቀደምና ንጋሻ ከነዳህልል ምዃንና ቀልጢፉ ተርዲኡኒ። ሳልሓዲን መሪሑኺ ኣትዩ፡ "እዚ'ዩ ርእሰ-መምህርና!" ኢሉ ከላልየኪ እንከሎ፡ እቲ እሱር ገጽኪ መድሃኒቱ ከም ዝረኸበ ክፈታታሕ ርእየዮ። ኣነ ከም ርእሰ-መምህር ኰይነ ናይ እንኳዕ ደሓን መጻእኪ ንእሽተይ ምስ ኣዕለልኩኺ፡ ዝበልኩኺ ነገራት ሻዓ ምሸት ኣብ ዳየረኺ ዝጸሓፍኪዮ ከተርእይኒ እዝክሮ። ሓደ ብሓደ ምስ ቤት ትምህርትና ምስ ኣላልኹኺ ናብታ ናይ ስታፍ ክፍሊ'የ ወሲደኪ። ኵሎም ከምዛ ክስልዩ ዘይጸንሑ ናይ ሓሶት ሰራሕ ሒዞም ጸኒሖሙና። "ፍትዋት ቺቺራት! እዚኣ ትርእዩዋ ጋሻ ምስና ኣብዚ ክትሰርሕ'ያ ተመዲባ። ፍትሒ ትብሃል። እዚ ሳልሓዲን፡ ሰምሃር፡ ኣቶ መምህር፡ ሳምሶም፡ መብራህቶም፡ ምሉእ… ይበሃሉ፡" ኢለ ኣላልየኪ። ክሳብ ሕጂ ተሕርቐክን ትገርመክን'ውን ነይራ። "ምሉእን ሳሚን ንነብሳ ማይ ኣውዕዩላ። ሰምሃር ንግዜኡ እግራ ሓጺብኪ ኣብ እንዳ ኣጋይሽ ውሰድያ። ሳልሓዲን ከኣ እቲ ፍርጅ ኮካ እንተ'ለዎ ርአ'ሞ ኣብ መደቀሲአ ዘላ ድሽ ወልዓላ ቊሩብ ተዕርፍ፡" ኢለ ኣረኪበኪ ከይደ። እቲ ተሰፋ ዝቑረጽክሉ ገጠር፡ ገመድ ኤለክትሪክሲቲ ዘይረኣኽሉ ክነስኺ፡ ከመይ ኢልኪ እቲ ዅሉ ዝበልናዮ ጥዑም ዘረባ ክጸንሓኪ ተጸቢኺ። እቶም መምህራን ዝመለኹዎ ተዋስአ ስለ ዝነበረ ምንቅስቓሶምን ምእዙዝነቶምን ኣእማኒ'ዩ ነይሩ። እታ ባይታ ዘቢጣ ዝነበረት ተስፋኺ፡ ሰማይ ተሰቒላ፣ ድሕሪ ሰዓት ከኣ ኖርማል ኰይና። ርእሰ-መምህር ቅልቅል ኢሉ "እታ ጋሻ ተቐቢልኩማዶ?" ኢሉ እንተ ዘይገላግለኪ ሃጅጃን ምቐጸልና ኔርና።

"ከመይ ኢልኩም ለሚድኩሞ?" ኢልኪ ክትድነቒ እንክለኺ፡ ኖርማል ጌርና ነዕልለኪ ኔርና። መጀመርታ መዓልቲ ኣብታ መደቀሲተይ ኢኺ ኣዕሪፍኪ። ዓራተይን ልበይን ብሓደ ተቐቢለናኺ። ኩሉ ምስ ግዜ ተለሚዱ። ወጊሑ ዓሪቡ ህይወትና ብሓደ ኰይኑ። ሰሚስተር ወዲእና ሓደ ቅነ ምስ ኣዕረፍና ናፍቖት ከም ዘይከኣልክዮ መዓልታዊ ደዊልኪ ክትነግርኒ ትርስዕዮ ዲኺ? ኣይመስለንን።

ኵልና ናፍቖት ደሪኹና ኣብ መዓልትና ተመሊስና። ዓመት ከም ሓንቲ መዓልቲ ምስ ሓለፈ፡ "ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ጸልማት ሓዲሩ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ኣብዚ ጸልማት ዓዲ ከመይ ኢሉ ይነብር?" ምስ በልኩ ዝመለስክለይ ክዝክረልኪ።

"ንጸልማት እዩ ብርሃን ዘድሊዮ እምበር ንመብራህቲ ዘለዎ ደኣ እንታይ መብራህቲ ደልዩ። ንሕና ኸኣ ኣብዛ ጸልማት ተሓጋጊዝና ሓንቲ ሽምዓ እንተ ወሊዕና እኹል እዩ። ከምቲ ትብሎ ዝነበርካ ንግዜ ዘይንህቦ፣ ኣብዚ ነሕልፎ ዘለና ህይወት ብዛዕባ ብርሃን ኣሕሲቡና ይፈልጥ'ዶ'ዩ?"

ኣብታ ዝሰዓበት መስከረም፡ ናብ ሰራሕና ምስ ተመለስና፡ ኣዕኑድ ኤለክትሪክ ክትከል ጀሚሩ፡ ንታሕሳሱ ኸኣ መብራህቲ ኣትዩና። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ብድሕሬኺ ናተይ ክፈለ-ግዜ ነይራ። "እቲ ኣብ ጸልማት ዓዲ መብራህቲ ዝተክልሲ ተኺሉ ኣብሪሁዋ ኣሎ። እቲ ኣብ ጸልማት ኣእምሮ ብርሃን ዝተክልከ ኣበይ ኣሎ?" ኢልኪ ጽሒፍክለይ ጸኒሕኪ።

ኣነ ነቲ ጽባቐኺ በብሓደ ክለቅም፡ ንስኺ ኸኣ ጸጸኒሕኪ ክትክዕዊ ተረባሪብና። ካብቶም ብጾትና ንላዕሊ ተፋቒርና፡ ተዓራሪኽና ኣብታ ዓመት ምውቕ ፍቕራዊ ህይወት ኣሕሊፍና።

እዛ ሳልሰይቲ ዓመት ግን …! ናተይ ነገር መዕለቢ ከይገበርክሉ ተሓጺኺ መጺእኪ። እዚ ኩሉ ልቦናኺ፡ ዓቕልኺ ነዚኣ ዘየኽእለኪ፡ ነዚኣ ዘየስግረኪ ድዩ ነይሩ። ስለምንታይ ከምኡ ጌርኪ ገና ኣይነገርክንን። ምሸት ምሸት ትኽዕውዮ ንብዓትኪ'ሞ ብምንታይ'የ ክትርጉሞ። "በጃኻ ግደፈኒ…!" እንታይ ክኹነኒ። እቲ ዝኾነ እንተ ኣዕለልክኒ እንታይ ትኾኒ? ነፍሲ-ወከፍ ወጋሕታ ብሓጉስን መዝሙር ልበይን ዝጅምራ ዝነበርኩ፡ ሎሚ ብዶቦሌሳ ነዛ ክርእያ ጸሊአያ። ኣብ ዓይኒ ኵሎም መሳርሕተይ ዝርእዮ ስክፍታን ድንጋጸን ዓጽመ ሰጋይ ወዲኡኒ። ንስኺ ክትገልጽዮ ካብ ዘይከኣልኪ ባዕለይ ክርደኦ ክፍትን'የ።

ህይወት ከምኡ'ያ! ክገጥሞ ጥራይ'ዩ ዘለኒ፣ ካልእ ምርጫ'ውን የብለይን። ከም ወዮ ዝብሎን ንስኺ ትደግምዮን፡ ኩሉ ህይወትኪ ከም ባህ ዝበለኪ ንበርዮ። ንዓኺ ምርሳዕ ዘይከኣል እዩ። ገዛይ ብምልኡ ሽታኺ'ዩ መሊኡ። ስሓቕኪ'ዩ ዘፍኵሶ። ክርስዓኪ ዘይከኣል ካብ ኩነ ምስ ጽቡቕ ዝኽርኺ ምንባር ክላመድ እየ። በዛ ናይ ማይክል ባብል ደርፊ፡ "Feeling good" ተሰፋይ መሊሰ ንሓድሽ ህይወት ነቒለ ኣለኹ'ሞ… ቻው!

"Birds flying high
U know how I feel
Sun in the sky
U know how I feel
Breath drifted on by
U know how I feel
It's a new dawn
It's a new day
It's a new life
For me…!
And I'm feeling good"

**ዳዊት በረኸት**

## እቲ ዝዓበየ ጸጋይ…!

*13 መጋቢት*

*4:30 ድ.ቀ. - ዲጋ ሰሞሞ*



ናብ ዓዲ ተመሊሰ ህይወት ዝዘርእ ይመስለኒ ኣይነበረን። ኵሉ ግዜ ዓድኻ ዓድኻ'ዩ ብልክዕ። ካብ ዝፍለ ክንደይ ዓመታት ድዩ ኰይኑ ዘሎ። መጀመርታ ንትምህርቲ፣ ጸኒሐ ብምኽንያት ስራሕ ዝተፈለኽዎ ዓድናን ናብራ ገጠሩን ተመሊሰዮ። ብዘይካ ዝመጻእናላ መዓልቲ ካልእ ከመይ ኢሉ ሓሊፉ ኣይተፈለጠንን። ድሒሩ፡ ሕጂ ይፍለጠኒ ኣሎ። ኣሻቡ ሰለስተ ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ። እቲ ቀደም ዝተፈለኽዎ ህይወት፡ ልምዲ፡ ዘረባን ሽታን ዓድና ቀልጢፈ ናብ ቀደመይ ተመሊሰ ዝዝክሮ ኣይመሰለንን። ግን ኣብ ደመይ ግዲ ጸኒሑ ግን ክሕወስን ክወሃሃድን እንክለኹ ኣይተፈለጠንን።

ሓዳር ዘይተጸበኽዎ ብዙሕ ብድሆታት ሒዙለይ ጸኒሑ። ቃልሰይ ብዕጽፊ ኣዕቢየ ተቓሊሰዮ። ቃልሰይ ጥበብ ግዲ ይውሕዶ ነይሩ፣ ክኹነለይ ኣይከኣለን። ነዚ ዘስተውዓለት ብዓልቲቤተይ ናብ ዓዲ ተመሊስና ዝሓሸ ህይወት ክንመርሕ ከም እንኽእል ክትነግረኒ ጀሚራ። ዓዲ እቲ ዝዓበኹሉ ዓዲ እዩ። ንዓይ ዝኸውን እንታይ ክህሉዎ ኢሉ እናበልኩ ብውሽጠይ እምልሰላ ነይረ። ናብራ ሓረስታይ ካብ እቶቱ ጻዕሩ ኣዝዩ ይዓቢ። በዚ ከማርር ኵሉ ግዜ ትሰምዓኒ ብምንባራ፡ ነዚኣ ከም ምኽንያት ከም ዘምጽኣ ትፈልጥ እያ። ናብኣን ከይምለስ ምእንቲ ነቲ ዝጠቐስኩላ ኣብ ዓድና ዘሎ ዘይርአ ጸጋ እናዘከረት፡ "ንመን ዝጽበ ዘሎ ይመስለካ?"

"እንድዒ ናባይ ኢኺ ከተብልዮ ደሊኺ?"

"ነቲ ከምዚ ከማኻ ንዕኡ ክርኢ ዝተዓደሎ ጥራይ እዩ። ሳላ ካብቲ ዓዲ ወጺእካ ዝተማሃርካ ክትርእዮ ኣኽኢልካ ኣሎ። ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ክንደሊ ኢልና?" ኢላትኒ። ሓቃ እያ። ካብቲ ዘምጽኣትለይ ዓቢ ሓሳብ፡ እቲ ኣብ ጉድነይ ደው ኢላ ምትብባዓ ይዛይድ። ሓዳር ምግባረይ ከምዛ መዓልቲ እዚኣ ዝዓገብኩላ የብለይን።

ብዓልቲቤተይ ከምዚ ክትብለኒ እንከላ ስክፍታይን ጭንቀተይን ብዕሊ ስለ ዝንበበትኒ እያ። ናብራ ገጠር፡ ንዓይሲ'ኳ ኣዕብዩኒ፣ ኣመት ንዘይብሉ ሰብ ግን ጸላዕላዕ ጥራይ ኣይኮነን፡ ክኸብዶ'ውን'ዩ። "ንሳ እንታይ ክትከውን እያ?" ኢለ ከም ዝሓስብ ባዕላ ኣቐዲማ ሓሲባቶስ ናታ ውሳነ ወሲዳ'ያ ትደፍኣኒ ነይራ። ደጊም ብዛዕባ ውልቃዊ ሕልምታትካ ምሕሳብ የለን። ክልተና ኣብ በይኑ ዓውዲ ኢና እንነጥፍ። ክሳብ ዝደልወና ኣብ ሓደ ዓውዲ ከም ንነጥፍ ገይራ። ንሳ ንለውጢ ዓጢቓ'ያ ተበጊሳ። ብሞራላ ጥራይ ኣነ ኸኣ ነቒለ።

ካብ ጉዕዞ ሕሉፍካ ወጺእካ ካልእ መገዲ ክትጅምር ቀሊል ኣይኮነን። ከም ሓረግ ኣብ ነብስኻ ሕልኽልኽ እናበለ ክትገድፎ ዘየኽእለካ ስምዒታት ውሑድ ኣይኮነን። ኣረ ብዘይ ብእኣም ሰብ ትኸውን ኣይመስለካን እዩ። እተን ዝነበራና ኣጠራቒማና፡ ኣበይ ከነውዕለን ዘቲና ኢና። ሓሲብካን መርሚርካን ትገብሮ መቸም ከቶ ኣየግድዓካን እዩ። ህይወት ብዘይ ቃልሲ ኣይትቕጸልን እያ ብልክዕ። ናብዚ ምስ መጻእና ዘለና ጻዕሪ ውሑድ እዩ። ድኻምና ኣብ ሓሳባትን ምብጋሶምን እዩ ነይሩ።

ጸቢብ ዓዲ ዝገበርካዮ ኣይኮነን ዘጒሳዕካዮ'ኳ ኣብ ቀልቀል ዘሎ ሰሚዑም'ዩ ዝጸንሓካ። እዚ'ውን ቀልጢፍና ናብቲ ዝጀመርናዮ ስራሕ ክንጽመድ ጠቒሙና። ድሮ'ኳ ተረጋጊአ፡ ዕግበተይ ከምዚ ዲጋ ክመልእ ይፍለጠኒ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ጸጋይ፣ እቲ ዝበለጸ ምርጫይ፣ እቲ ዝጸበቐ ዕድለይ፣ እቲ ውዕለት ምረቓይ ብዓልቲቤተይ እያ። ምሉእ ህይወተይ ምስኣ ክነብር ምኳነይ እውን። ህይወተይ ብለውጢ እናተሓደሰት ክትነብር እያ።

**ተኽለ ኣውዓሎም**

## ታሪኽ

# ጽውጽዋያት መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት ዘይፈደየ ንድየት

5ይ ክፋል

ሰልጣን መሓመድሰዒድ




ምኒሊክ መሓውራቶም ካብ ዝቖረጾም ኤርትራውያን ዓሳክር ብኸፊል

ጽውጽዋያት ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ዘድሃበ ጥራይ ኣይኮነን፡ ካብ ዘዕለፉ ግዜኡ ስርወ-መንግስቱ ናይ ግዝኣቱ መለኮታዊ መብቁዒ ከምዝለዎ ዝተርኽ ጽውጽዋያት እናቐረበ እዩ ንጽውጽዋያዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝቐልሶ።

እቲ ዝሀጽ ወይ ዝምሃዘ ትረኻታት፡ ምስ ቅዱሳት ጽሑፋት ምትእስሳር ከምዝለዎ ምምሳልን ከም ወጽኢቱ ንተግባራቶም ምኽኑይ ዝገብር ‘ጥቕሲ መርትዖ’ (Proof text) ምጥቃምን ሓደ ካብቲ ነቲ ጽውጽዋያት ከም ቅቡል ከውሰድ ዝገበረ ልሉይ ሜላታት እዩ። ዓለማዊ ይኹን መንፈሳዊ ታሪኽ ኣጉዳሲ ኮይኑ እቲ ምንጪ ጽሑፍ ከመይ ይመስል ምፍላጡ ግና ዝያዳ ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ ገለ ተረኽቲ ብዙሕ ግዜ ንምንጪ ታሪኽ (ንኣብነት፡ ኣብ ቅዱስ ጽሑፋት ዝርከብ ታሪኽ) ብምጥቃስ ካብቲ ምንጪ ወጻኢ ናይ ግዝኣ ርእሶም ዛንታ ብምሕዋስ ካልእ ዝኽበዐ ትረኻ ይሰርሑ’የም። ዳርጋ ኩሉ ክበሃል ብዝክኣል መልክዑ ንታሪኽ ኢትዮጵያ ማእከል ገይሩ ዝተዳለወ መጻሕፍቲ ነቲ መለኮታዊ ስርወ-ንግስነት መሳፍንቲ እታ ሃገር ብዘዕንግል መገዲ እዩ ዝዳሎ ነይሩ።

ራይሞንድ ጆናስ፡ ኣብታ ንኩናት ዓድዋ እትትርኽ፡ “ኣፍሪቃዊ ዓወት ኣብ ዘመን መሳፍንቲ” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ 2011 ዝሕተማ መጽሓፍ ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ንኢትዮጵያዊ መስመር ታሪኽ ዝድርዕ ጽዋታት ትረኽበሉ። ኣብታ መጽሓፍ፡ ዳግማዊ ምኒሊክ ኣይሁዳዊ መበቈል ከምዝለዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ መስመር ወለዶ ንጉስ ሰሎሞን ምዃኑ የዘንቱ። እቲ ጸሓፊ ከምዝቕመጦ ምኒሊክ፡ እቲ ‘መለኮታዊ ንጉስ’፡ ጆር ዓሌቱ ከም መሰረት ተጠቒሙ ዝዀነ ስልጣን ከምዝጨበጠ ይገልጽ። እቲ ዘገርም፡ ራይሞንድ ንባዕሉ ምኒሊክ ብኸመይ መገዲ ካብ ወለዶታት ንጉስ ሰሎሞን ከምዝተኻ መረዳእታ ኣየቕረበን። ምኒሊክ ኑብሱ-ቕቡእ ገይሩ ባዕሉ ንሰብኡ ከምዝሰየማ ዝእንፍት ቃላት ግን ኣብ መጽሓፉ ኣሰፊሩ ኣሎ። ምኽንያቱ ብዙዕባ እቲ ሃጺይ ክዝረብ ከሎ፡ “ነቲ ትረኻ ወሰኖ፣ ቀጺሉ ድማ ዘውዲ ንግስነት ክደፍእ ተጠቒመሉ” እዩ ዝብል። ነገር ጸሓፊ ንዘረጋግጽ ትረኻ ጉቦ ጉቦ ገይሩ ክሓልፎ’ዩ መሪጹ። ኣኻንኩል መገለጺ ረይሞንድ ጆናስ ኣብ ምኒሊክ ጥራይ ኣይተሓጽረን። ነታ ምኒሊክ ጂኦግራፍያዊ ሚዛን ክሕሉ ከም ወጽኢቱ ድማ ስልጣኑ ከይልድል ኢሉ ዝተመርዓዋ ካብ ሰሜን ኢትዮጵያ እትውለድ ብዓልቲ ቤቱ ጻሃይቱ ብቱል’ውን ኣብ ግዜ ቀልዕነታ ሓደ መዓልቲ ኣኽሊል ንግስነት ክትሉብስ ምዃና ብትንቢት ከምእተተግራ ይገልጽ። ስለዚ፡ ጻሃይቱ ብኣገላልጻ’ዚ ጸሓፊ ብፈጣሪ ዝተሓርየት እያ ነይራ።

ሃጺይ የሃንስ እውን ተመሳሳሊ ሕማም ምህዞ ሕርየት ፈጣሪ ዘለበ’ዩ። ማህተም እዚ ሃጺይ’ዚ፡ ብቋንቋ ዓረብ ‘ንጉሱ-ነገስት የሃንስ፡ ንጉስ ጽዮን ዘኢትዮጵያ፡ ዘእምነገደ እስማኤል’ ይብል ነበረ። እዚ፡ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ክሳዕ ክንደይ ህጹጻት ምንባሮም ዘርኢ’ዩ። ምናልባት፡ ሃጺይ የሃንስ ነቲ ናይ ሃጺይ ምኒሊክ መለኮታውነት ዝበሃል ጽውጽዋይ ብዓቕሙ ክዳረግ ዝሓለነ ይመስል።

እስከ ናብ ዘመነ-ንጉስ ምኒሊክ ምልስ ኢና ክንስተንትን። ሕሩይ ፈጣሪ በየናይ መለክዒ’ዩ ኢድን እግርን ምሩኻት ክቖርጽ ዝኽእል፧ ኣብ ውግእ ዓድዋ ዝተማረኹ፡ መብዛሕትኦም ብግዱድ ዕስክርና ናብ ኩናት ዝኣተዉ ዜጋታት ኤርትራ ምዝኻሩ ኣገዳሲ’ዩ። ራይሞንድ ጆናስ ኣብታ ‘ዓወት ዓድዋ፡ ናይ ጸለምቲ ዓወት’ ኢላ እትትርኽ መጽሓፉ፡ ክሳዕ 500 ዝበጽሑ ጸለምቲ በዚ ኣሰቃቒ ኣገባብ’ዚ መሓውራቶም ከምዝተቖርጹ፡ እቶም ጸዓዱ ምሩኻት ግና ብመማለዲ ከምዝተናሕፉ ይሕብር።

ሃጺይ ምኒሊክ ነዚ ዘሰካሕክሕ ኣረሜናዊ መቕጻዕቲ’ዚ፡ “ኣብ ፍትሃ ነገስት ዝሰፈረ መቕጽዒ ሕጊ” እዩ እንተ በሎ፡ ነቲ ተግባር ካብ ሃጺይ ቴዎድሮስ ከምዝተማህሮ ይእመን። ሃጺይ ቴዎድሮስ ናብ ሸዋ ኣብ ዝወፈረሉ እዋን ንመኳንንቲ ሸዋ ክልተ ኣእዳዎም እናቖረጸ ከም መዓልያ ኣብ ክሳዖም እናንጠልጠለ ከምዝተኣነሞም’ዩ ሰነዳት ታሪኽ ዝሕብር።

ግደ ሓቂ ኩናት ዓድዋ፡ ነኣብራቕ ዓወት ጸለምትን ዘይተዝከርኻ ንመግዛእትን’ዩ ነይሩ። እንተኾነ ወዮ ሓበን ኣፍሪቃን ጸለምትን ዝተባህለ ሃጺይ ምኒሊክ ብዘይካ’ዚ ኣብ ልዕሊ ከምኡ ዝኣመሰሉ ጸለምቲ ዘውረዶ በደል፡ ቡቲ ዘሕደሮ ዝና ዝተመሰጠ ወዲ ምዕራብ ህንዲ፡ ኣብ ቃልሲ ጸለምቲ መሪሕ ተራ ንክጻወት ዝቐረበሉ ጠለብ፡ ሃጺይ ምኒሊክ ዘሕፍር መልሲ’ዩ ሂቡሉ፣ “ጌጋ ማዕጾ ኢኻ ኳሕኲሕካ፣ ኣነ ጸለም ኣይኮንኩን። ኣነ ካውካሲያን (ጻዕዳ) እየ።” ክብል እዩ ሃጺይ ምኒሊክ መሊሱሉ።

እቲ ዘገርም፡ ታሪኽ እዚ ሃጺይ ምኒሊክ፡ ክሳዕ እዚ ሰዓት’ዚ፡ መጋገዪ ምስሊ ሒዙ ዘየድሊ ምንጪ ጃህራን ኣሉታዊ ጽልዋን ምዃኑ’ዩ። እቲ ብደርፍታቱ ኣበሉ ናፍቖት ባሕሪ ኣያታቱ ዝገለጸ ዘሎ ድምጻዊ ቴድሮስ ካሳሁን (ቴዲ ኣፍሮ) ብግደኡ፡ ምኒሊክ ንመሰል ጸለምቲ ዝተቓለሰ ሓርበኛ ኣቦ ምዃኑ ንምንጋር ‘ጥቁር ሰው’ (ጸለም ሰብ) ኢሉ ዝዘየሞ ህቡብ ደርፊ ሓደ ኣብነት ናይቲ ዳግመ-ምምሃዝ ሕሉፍ ታሪኽ (Re-inventing the past) እዩ። ቴዲ ኣፍሮ ብዘይካ’ዚ፡ ሃጺይ ሃይለስላሰ ገባሪ ሰናይ ግዝኣን ሻምፕዮን ጸለምትን ምዃኑ ጦብላሕታ ክፈጥር ዝጽዕት ስነ-ጥበበኛ እዩ። ዳግመ-ምምሃዝ ሕሉፍ ታሪኽ ብኢትዮጵያውያን ልሙድ ስምዒን ተርእዮን’ዩ። እንተኾነ ክሳዕ እዚ ሰዓት’ዚ ዝምጽኣሎም ፋይዳ የብሉን። እቶም መደርቲ ጽውጽዋያዊ ታሪኽን ወደስቲ ፈጠራዊ ዛንታን ኣብ ምዉቕ መዝነር ኣራጢጦም፡ ህዝቦም ንኣደዳ ህልቂት ናብ ኩናት ህርግድም የብልዎ ኣለዉ።

እቲ ድሕሪ 17 ዓመታት ምኽታም ግዝኣት ምኒሊክ ናብ ዝፋን ዝደየበ ሃጺይ ሃይለስላሰ እውን ቅቡእ ፈጣሪ፡ ቅዱስ ሰብ ምዃኑ እዩ ባዕሉ ኣዊጁ። ጸሓፊ ታሪኽ ቶም ጋርድነር ብዛይማኖታዊ ተወፋይነት ተደሪኹ ስሙ ካብ ‘ተፈሪ መኮንን’ ናብ ‘ሃይለስላሰ ዘእምነገደ ይሁዳ’ ከምዝቐየሮ ይሕብር። እዚ ኑብሱ-ቅቡእ ሃጺይ፡ ቡቲ ባዕሉ ዝሃንደሶ ትረኻ፡ ኣብ ኢትዮጵያን ሃገራት ወጻእን ከም መሲሕ ከምዝፍለጥ ገበሮ። ከም ወጽኢቱ ክሳዕ ሕጂ ኣብኡቶም ደቂ ሃገረ ጀማይካ ዝርከብዎ ምንቅስቓስ ራስተፈርያን ከም እምነት ሰሪጹ ይርከብ። እቲ መንግስትን ፖለቲካን ምስ ቤተ-ክርስትያን ዘላገበ ጃንሆይ፡ ዝመሃሩ ኣመንቲ ምንቅስቓስ ራስተፈርያን ኣሽሓት ኪሎሜተራት ተጓዒዞም ነቲ ቅቡእ ንምትንካፍ ጥራይ ናብ ኢትዮጵያ ይኸዱ ከምዝነበሩ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። እዚ ባዕሉን ብመገዲ ዝተፈላለዩ ጸሓፍትን ኣቢሉ ንሰብሱ ከም ቅዱስን ናይ ኣምላኽ ቅቡእ ዘለዎን ገይሩ ብግልጺ ዝኣወጀ ሃጺይ፡ ምስቲ ድሕሪ ምኽታም ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተፈጥረ ሓድሽ መድረኽ ማለት ኣህጉራዊ ምስሉን ምስሊ ሃገሩን ኣብ ዙርያ ቻርተር ውድብ ሕቡራ ሃገራት ክህንጽሉ ኣብ ዝጀመረ እዋን፡ እቲ ጽውጽዋያት ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ተቐባልነቱ ትሑት እዩ ካብ ዝብል ግምትን ብርግጽ ጽውጽዋይ ምዃኑ ብምእማንን ምስ ጋዜጠኛ ማዕከን ዜና ሰበሲ በል ማክሰይል ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ንመለኮታውነቱ ብዝምልከት ሕቶ ምስ ቀረበሉ፡ “ሰብነት፡ ከምኡ ክብሉ ሰሚዐ ኣሎኹ። ነቶም ራስተፈርያን ዝብሃሉ’ውን ብኣካል ረኺበዮም እየ። ብግልጺ ድማ ኣነ ሰብ ምዃነይ፡ መዋቲ ምዃነይ፡ ብዘቕጽሉ ወለዶ ዝትካእ መራሒ ምዃነይ ከምኡ’ውን ወዲ ሰብ መለኮታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ከወግዱ ነጊረዮም እየ” ክብል ንዛዕባ መለኮታውነቱ ብልሳኑ ኣፍሪሰዎ እዩ።

እዚ ቅቡእ ኣምላኽ፡ ገበር ሰናይ ዝተባህለ ግዝኣ፡ “ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን እዩ” ብምባል ህዝቢ ንምጽናት እዚ ዘይብሃል ግፍዒ ዝፈጸመ’ዩ። “መግዛእትና ክቕበል ዘይደሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተደኣ ሃልዩ፡ ክቡር’ውን ክግደፍ ኣይኮነን” (መጽሓፍ በኸረጸዮን ሃይለ ገጽ 246) ብዝብል ሓሳብ ድማ “ዓሳ ንምጽናት ባሕሪ ምንጻፍ” ዝብል ኢሰብኣዊ ፍልስፍና ሒዙ ንኤርትራውያን ብኻራ፡ ሳንጃ፡ ጥይትን ማሕነቕቲን ብኣልማማን ብውልቅን ቀቲሉ’ዩ።

እቲ ካልእ ግርምቢጥነት፡ ሃጺይ ሃይለስላሰ ኩሉን ኣባል ሃገራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ 1964 ዓ.ም ክሊ ዶብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብመሰረት መግዛእታዊ ዶባት ክኸበር ክውሰና ከለዉ፡ ቀዳማይ ኣቦ መንበር ናይቲ ውድብ ባዕሉ ሃጺይ ሃይለስላሰ ምንባሩ’ዩ። ብኣፍሪቃዊ መለክዒ፡ ድሕሪ መግዛእቲ ዝተፈጠረ ደረት ግዝኣት ሃገራት ልኡላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ዘጽር ወግዓዊ ዶባት ቅቡል ዝነበረ ክነሱ፡ ነቲ ክጥቀመሉ ዝኽእል ዝነበረ ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ’ውን ብትዕቢት ኣፍሪስዎ። ናይ ሸዑ ውሳኔኡ ንእኡን ንኢትዮጵያን ኣይቀደምምን። ተገምጢሉ ኣጥቂዕዎም።

ድሕሪ’ዚ ተመኩሮ’ዚ፡ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ወተሃደራዊ መንግስቲ ደርግ ኣብ ቅድመኡ መሰረታዊ ሕቶ ተገቲሩ እዩ ጸኒሑዎ። እቲ ነዊሕ ዝኸደ ኩናት ኣንጻር ኤርትራ ክቕጽሎ ድዩ ወይስ ምስተን ወሰንቲ ገማግም ባሕሪ ዝኾና ሶማልያን ኤርትራን ብሰላም ብሓባር ምንባር መሪጹ፡ ተጠቃምነት መስከት ባሕሪ ከውሕስ? ኣሰር እቶም ዝሓለፉ መሳፍንቲ ማለት ኣሰር እቲ ንምጽዋዕ ካብ ሓይልታት ቱርኪ መንጠልኩም ንኣይ ግዳ ዘይትህበኒ ዝበለ ሰብጋድስ፣ ኣሰር እቲ ኣብ ምጽዋዕ ቆንስል ክኸፍት ዘይኮነ ምጽዋዕ ባዕላ እያ ዝደሊ ዝበለ ሃጺይ የሃንስ፣ ኣሰር እቲ ፈጣሪ ሓይሊ እንተሂቡኒ፡ ኑቶም ክሳዕ ካርቱምን ቀላይ ንያንዛ ናይ ቪክቶርያን ዝዝርግሑ ጥንታውያን ዶባት ኢትዮጵያ ክመልስ እየ ዝበለ ሃጺይ ምኒሊክ፣ ዋላስ ኣሰር እቲ ካብ ተጠቃምነት ኣፍደገ ባሕሪ ዝተሓረምና ሶማሊላንድን ኤርትራን ምስ ሰኣንና ኢና ዝበለ ሃጺይ ሃይለስላሰ፣ ኣሰር መን እዩ ክስዕብ፧

መንግስቱ፡ እቲ ማሕበርነታዊ ስነ-ሓሳብ እየ ዝኽተል ዝብል እውን ኣይለበመን። ካብዚ ጽውጽዋያት’ዚ ተናጊፉ ንኢትዮጵያን ህዝባን ዝርብሕ ምርጫ ኣይወሰደን። ኣሰር’ቶም መሳፉሕፉሕቲ መስፍናውያን ተኸቲሉ፡ ልክዕ ከምቲ ንሳቶም ብሓገዝ ምዕራባውያን ሓይልታት ንሱ እውን ደገፍ ሕብረት ሶቭየት ሰዒቡ ምርጫኡ ኩናት ምቕጻል ኮነ።

ይቕጽል. . .

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

15 ክፋል

## ነጥበ መቐይሮ

*“ምስ እቶም ኣገደስቲ ክብርታት ዘተኣሳስሩኻ ዝኽእሉ ኣርኣያ ሰባት ሰሰል። ጸልዋኣም ዋላ ካብኻ ብዓቢል ምስ ተፈልዩ ኣብ ህይወትካ ክቕጽል እዩ።” - ጂም ሮን*

*“ቅንዕና እቲ ዝዓበየ ጅግንነታዊ ባህሪ ኩይኑ፡ ተገዳስነ ከዕጥርዮ ዝግባእ እዩ።” - ዳኒኤል ራደክሊፍ*



ኣብ ደቂ ሰብ እቲ ኣገዳሲ ነገር እቲ እንምርሓሉ ክብሪ እዩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኹይኑ፡ ገሌና ግዜ ወሲድና ነፍ ኢልና ኑቶም ብፍላጥን ብዘይፍላጥን እንምርሓሉም ሞራላዊ ርድኢታት ከለሰሰሎም ኣይንፍትንን ኢና።

እዞም ዝስዕቡ ደርብን ነጥብታት ደራሲ ሮበርት ሉዊስ ኣብ ዕለታዊ ህይወቱ ዝምርሓሉም ወልቃውያን እምነቶታቱ እዮም፡

1. ኣእምሮኻ ሕጉስ ንክኸውን ኣሰልጥኖ። ካብ ንእሽቶ ነገር ባህታ ክትረክብ ተማሃር።

2. ካብ ከኣታትካ ኑቲ ዝበለጸ ምረጽ። ንኹሉ ነገር ዘውንን ዋላ ሓደ ሰብኳ የለን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ እቲ ሕጉስ ህይወቱ ገለ ጓሂ የጋጥሞ እዩ። እቲ ምስጢር ሰሓቕካ ልዕሊ ብኽያትካ ከም ዝዛዝን ምግባር እዩ።

3. ንዝኾነ ርእሰኻ ምሑር ዕትብቲ ኣይትግበሪ። ከም ኩሉ ሰብ ካብ ማሰናኽላት ሓራ ከም ዘይትኸውን ክትፈርጋ ኣለካ።

4. ንኹሉ ሰብ ከቶ ከተሐጉሶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ክንዲ ዝኾነ ብዘፍርሃልካ ነቐፈታ ክትጭነቕ ኣይግባእን።

5. መሰኻቢታትካ ምስ ጕረባብትኻ ኣይተተኣሳስር። ጉዳእ ርእሰኻ ኩን።

6. ኑቶም ባህታ ዝፈጥሩልካ ብዙሓት ኣስተማቕሮም። የጉዳስ ካብ ዕዳ ሓራ ኩን።

7. ጸሮም ኣይትጸወሩ። ስእለ ኣእምሮኣዊ ነገራት ካብ ክውንነታውያን ነገራት ንላዕሊ ክትጻወርም ዝኸብዱ እዮም።

8. ጽልኢ ንሓሕ ሰለ ዝምርዝ ኣብ ወሻጥኻ ቂምታ ኣይትሓዝ። ካብ እቶም ዘጨንቑኻ ሰባት ብዙተኻእለካ መጠን ርሓቕ።

9. ኣብ ብዙሕ መዳያት ተገዳሰት ኣጥሪ። ናይ መገዓዝያ ጸጋማት እንተ ደኣ ሃልዮኻ ብዙሕ ዘይትፈልጦም ቦታታት ኣንብብ።

10. ኣብ ድሕሪ ፍጻመ ክትዕ (postmortem) ኣይትጸመድ። ንህይወትካ ብሕሉፍ ስቅያትካን ጌጋታትካን እናስቈንቈንካ ኣይተጣዓሶ።

11. ካጦኻ ንታሕቲ ንዝርከቡ ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ኑፋግ ኣይትኹን።

12. ኣብ ሓደ ነገር ተጸመድ። እቲ ምንታይሲ፡ ብስራሕ ዝተጸምደ ሰብ ንኽጭነቕ ግዜ የብሉን።

ኣብ እዚ ከም ሕሱም እትሕንኩበ ዘላ ዓለም ኢና እንነብር ዘለና። ብሉያት ክብርታት ብሓደስቲ ክብርታት ቀጻሊ ይትክኡ ኣለው። ወረግ ገለ ሰባትሲ ብዘይ ዝኾነ ክብርታት እዮም ዝነብሩ ዘለው።

ገለ ሰባት ህቡብነት፡ ሓለፍነት፡ ዓወትን ነገራዊ ጺጋታትን ኣብ ምጭባጥ ዕድለኛታት ክኾኑ፡ ብወሻጦም ብስምዒት ባዶሽ ይሕመሱ ኣለው። ሓያሎ ሰባት ኣብ ክብርታት ዝተኩሩ ሕቶታት ምቕራብም እምባኣር ዘደንጹ ኣይኮነን።

ጽቡቕ ህይወት ንዓይ እንታይ እዩ? ንዓይ ብሓቂ ዘገድሰኒ እንታይ እዩ? ህይወት ብሓፈሻ እንታይ እዩ? ናተይ ወልቃውያን ስነ ምግባር እንታይ እዮም? ኣብ ህይወት ትርጉምን ዕላማን ብኸመይ ክረክብ እኽእል? ነዞም ሕቶታት መልሲ ኣብ ምርካብ ምእንቲ ክሕግዘና፡ ቀዳም ቀዳድም ክብርታት እንታይ ምዃናም ምፍላጥ ከድልየና እዩ።

ሓደሽ ገዛ ክትሃንጽ እንተ ደሊኻ ቀዳም ቀዳድም ወጥን ገዛኻ ኣብ ምውጻእ ኢኻ እትነጥፍ። ንወጥን ገዛኻ ተጠንቂቕካ ምስ ኣጻናዕካዮን ኣድላዪ ምትዕርራይ ምስ ገበርካሉ ወጥን ገዛኻ ናብ ሰማያዊ ንድፈ (blue print) ደሰጋግር። እዚ ሰማያዊ ንድፈ ኣብ ምህናጽ ገዛኻ ከም መምርሒ የገልግል።

ንኣብነት ምርጫታትን ወሳኒታትን ብዛዕባ ኣቀማምጣ ክሽነኻ፡ ኣንፈት ማዕጾን ማኸትን፡ ንድፈ ኤለክትሪካዊ መስመር፡ … ብመሰረት እቲ ወጥንን መምርሕን ሓደሽ ገዛኻ ማለት ሰማያዊ ንድፈ ይሰለጥ።

ሰማያዊ ንድፈ ወይ መምርሒ ብዛዕባ ምርጫታትን ወሳኒታትን ህይወትና ክህልወናኸ ይኽእልዶ? ኣብ መንጎ እዚ ሰማያዊ ንድፈ (መምርሒ) ከምኡ እውን ክብርታትና ዝኸውን ዝምድና ኣሎዶ?

ሓያሎ ሊቃውንቲ ብዛዕባ ትርጉም ክብርታት ማእለያ ዘይብሎም መጻናዕታውያን ጽሑፋት ኣበርኪቶም እዮም። ሚናትን ደሀርትን ዝበሉ ሊቃውንቲ፡ “ክብሪ ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ እምነታት፡ ሓሳባትን ነገራትን እተተኣሳሰር መጠን ኣገዳስነት እዩ።” ብምባል ይትርጉምዎ።

ሃንተር ሉዊስ ብወገኑ “ሽሕ እኳ ክብሪ ዝብል ቃል መብዛሕትኡ ግዜ ኣፍኩሶና እንርእዮ እንተ ኾነ፡ ምስ ውልቃዊ እምነት ኣብ ጽቡቕ ነገር፡ ፍትሕን ጸባቐን ዝተኣሳሰር እዩ። ክብሪ ናብ ተግባር ዝንውንወና ውልቃዊ እምነቶ እዩ። ክብሪ ናብ ፍሉይ ባህሪ ህይወትና ዝመርሓና እዩ።” ብምባል ይገልጾ።

ክብርታትና እምባኣር ናብ ውልቃዊ

ሸቶታትና ዘዕርገናን ናብኡ ንኽንበጽሕ ኣብ መንገድታትና ደረት ዝሕንጽጹን እዮም። ንክብሪ ብኸምዚ እንተ ተረዲእናዮ፡ ነዞም ዝስዕቡ ገለ ክብርታት ብኸመይ ትግምግሞም? ኣየኖት እዮም ንዓኻ ዝያዳ ዘገድሱ? ኣየኖት እዮም ናብ ተግባር ዝደፍኡኻ? ኣየኖት እዮም ናብ ገለ ባህርያት ናይ ህይወትካ ዝደርኹኻ? እሞ ኖ በብሓደ ተመራመረሎም?

- እምነትን ቅኑዕነ ምዃን።
- ስድራ ምምስራትን ምስኦም ኣጣቢቕካ ምትእስሳርን።
- ብገዛእነ ብንዋትን ምዕዋት።
- ካብ ጸግዕተኛነት ሓራ ምዃን።
- ውሕስነት ክስማዕካ።
- እኹል ናይ ዕረፍቲ ግዜ ምህላው።
- ቅዱ ኣካዳድናኻ ዘመናዊ ምግባር።
- ዓርኩመሓዛ ምጥራይ።
- ኣብ ሃይማኖትካ ምጽናዕ።
- ኣብ ጽቡቕ ጥዕና ምህላው።
- ድልዱል ዝሰረቱ ፍቕራዊ ዝምድና ምምስራት።
- ኣብ ዘዎንካ ስራሕ ምውፋር።
- ብኻልኦት ሰባት ተቐባልነት ምርካብን ምፍታውን።
- ርእሰ ክብርን ሓበንን ምውናን።
- ንኻልኦት ሰባት ምግልጋል።
- ትምህርትኻ ምቕጻል።
- ዕወትን ኣፍራይነ ምዃን።
- ንኻልኦት ሰባት ምፍቃርን ተፈቃሪ ምዃንን።
- ነዊሕ ዕምሪ ምስ ምሉእ ጥዕና ምስትምቓር።
- ኣብ ኣገደስቲ ማሕበራት ምጥርናፍ።
- ኣብ ሰላማዊ ዓለም ምንባር።

## ኣፍን ግብርን

ክብርታትና በቲ ቐጻሊ ንሕና ከነንጸባርቖ እንደልዮ ባህሪ እዩ ዝውሰን። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንኹላትና ኣዕሚቝና እንሓስበሎም ገለ ነገራት ኣለዉና። ዝኾነ ኢና ድማ ክብሪ እንህቦም። የጉዳስ ገሌና ኑቶም ሓሳባትና ብተግባራትና ኣይነንጸባርቖምን ኢና።

ገለ ሰባት ብዛዕባ ክሊማዊ ለውጢ ሓለይቲ ኩይኖም ጸሓይ በርቓ ክኣብ እትዓርብ ዝልፍልፉ ኣለው። ብተግባር ግዱ ካብ መኪናታቶም ፋብሪካታቶም ንዝወጽእ ትኪ ብኸመይ ክቕንሱዎ ከም ዘለዎም ዝኸውን ድኹን ስጉምቲ ክወስዱ ኣይረኣዩን።

ካልኦት ሰባት ብዛዕባ ሕማቕ ሳዕቤን ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣዝዩ ዝደነቕ ኣስተምህሮ ክህቡ ይውዕሉ። ንባዕላቶም ግዱ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት እንታይ ደባዒል ኣሎ ንኽፍትሽሉ ክኣብ ኣዒንቶም ዝጸውሩ እዮም ዝኾኑ።

ከም ሳዕቤኑ ናይ ብዙሓት ሰባት ባህርን ተግባርን ነገበይሩ ዛንታ ይኸውን ኣሎ። ብዛዕባ ረብሓ ልግሲ ኣብ ህይወትና ጸቡቕ ኣስተምህሮ ክህብ ዝጸንሐ ሰብ፡ ዘይናቱ ክዋህቦት ሃፍትፍ ክብል ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኑቲ ሰብ ብኸመይ ክትገልጾ ከም ዘለካ ሕርብት ይብለካ።

ኣብዚ ሓደ ኣጸቢቕና ከቕልበሉ ዝጉብኣና ዓቢ ነጥቢ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ተግባራት ዘይሕሰው ምዃኖም እዩ። ሓደ ሰብ ስራሕ ሰለ ዝሰኣነ እምበር ስራሕ እንተ ዝረክብ ብዘይዕጽይ ምጻይ ደፍእ ኢሉ ከም ዝሰርሕ ይሕብረካ። ንሰኻ ኸኣ ሓቂ መሲሉካ ግዜኻ ወፊኻ ስራሕ ተናድየሉ። ምስ ረኸብካሉ፡ ዘሎን ዘየለን መመኽነይታ ኣሊሙ፡ ካብ ምቝጻር ስራሕ የድሓርሕር።

ገለ ሰባት ኣብ ክብሪ ግዜ ዘሎምም ርድኢት ክዎዩኻ እንከለዉ ኣፍካ ማይ ይምዕጎ። ኣብ ተግባር ክርእዩ እንከለዉ ግዱ ግዜኦም ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ግዜኻ ክሕሽሹ ዓይኖም ኣይሓሰዩን። ንኣብነት፡ ተገዲስካ ሰዓት 6:00 ምሸት እንተ ቘጺርካዮም፡ ከይሓሸኹ ፍርቂ ሰዓትን ልዕሊኡን ደንጉዮም ክመጹኻ ይኽእሉ።

ንገሌና ትርጉም ክብርታት ብዙሮጮእ ኣይርደኣናን እዩ። እቲ ዘለና ክብሪ ሓደ ነገር ይኸውን። ንኻልእ ክብሪ ኸኣ ከም መሻፈኒ እቲ ዘለና ናይ ብሓቂ ክብሪ ንጥቀመሉ። በዚ መንገዲ፡ ባህጊ መብዛሕትኡ ግዜ ካልእ መልክዕ ምንጸግ ይኸውን። ኣብ ክንዲ ኑቲ ናይ ብሓቂ ገዛእ ርእስና እንነጥጦ፡ ንገዛእ ርእስና ኣብቲ ንሕና ክንኮኖ እንብህጎ ነጥሕሎ።

እዚ ብኻልእ መልክዕ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ንገለ ካብ ናትና ክብርታት ሰለ ዘይፈተናዮ፡ ንገዛእ ርእስና ንሕሰዎ። ክንዲ ዝኾኑ ንገለ ክፋልና ኣይንፈትዎን ኣለና ማለት እዩ። ገለ ክብርታት ከም ዘለዉና፡ የጉዳስ ካልእ ክብርታት እንተ ዝህልዉና ከም እንደሊ ኣይንእመንን። እዚ ዘይምስናይ ኣብ መንጎ ርእሰምቕራጽን ኵውንነትን መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ኩሉ መዳያዊ ጸገማት እዩ ዝሸምመና።”

እዚ ዝኸውሉ ምኽንያት፡ ክብርታትና መቐጸልታ ናይ ገዛእ ርእስና ሰለ ዝኾኑ እዮም። ክብርታትና እኮ እዮም ንዓና ዝገልጹና። ገለ ጸቡቕ ነገር ንገለ ሰብ ኪጋጥሞ እንከሎ፡ ክብሪ ትሀቦ እሞ፡ ጸቡቕ ስምዒት ይሰርጸካ። ኣጦኻ ሓዳስ ማኪና ክገዝእ እንከሎ፡ ብዓልቲ ቤትካ ኣብ ስራሓ ዕብየት ክትረክብ እንከላ፡ ንሸኻ እትድግፉ ጋንታ ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ንዓኻ ጽቡቕ ደስማኻ — ልክዕ እዞም ነገራት ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ከም እተፈጸመ ገይርካ።

እቲ ኣንጻር ናይ እዚ እውን ሓቂ እዩ። ንገለ ነገር ክብሪ እንተ ዘይሂብካ፡ ኑቲ ነገር ሕማቕ ኪጋጥሞ እንከሎ፡ ጸቡቕ ይስምዓካ እዩ። ገለ ህዝቢ ኑቲ ‘መራሒ ጉጅለ ግብረ ሽበራዊ’ ኢሎም ዝኣምኑሉ ሰብ ክቕተል እንከሎ፡ ናብ ጐደናታት ወጺኦም ሓጎሶም ክገልጹ ኣብ ዝተፈላለዩ ከርናዕት ዓለም ተዓዚብናዮም ኣለና።

ንኣብነት ኣብ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ እቲ ንብዙሓት ሰባት ከም ዝቐተለ ብሕጊ ዝተበየኑ ቴድ ጥንዲ ብሞት ምስ እተቐጽዐ እልቢ ዘይብሎም ሰባት ኣብ ከባቢ እቲ ቤት ማሕቡስ ክስዕሰዑ ወዒሎም። ዕንወት ናይ ሓደ ከም እኩይ ዝፍለጥ ሰብ ኪጋጥም እንከሎ፡ ኣብ ልብታት ሚልዮናት ሰባት ገለ ዓቢ ሞራላዊ ዓወት ከም እተመዝገበ እዩ ዝቑጸር።

ምእንቲ'ዚ፡ ንሕና ካብ ናይ ገዛእ ርእስና ክብርታት ክንብተኽ እንከለና - ምሉእ መዓልቲ ንጸወታ ‘ቪድዮ ጌይም’ ክብሪ ንህቦ። የጉዳስ ንህያዋንን ጻዕራምትናን ክብሪ ከም እንህብ መሲልና ክንርአ ንደሊ። እምነቶታትናን ሓሳባትናን ካብ ተግባራትናን ስምዒታትናን ይፍለኹ ኣለዉ ማለት እዩ። ኑቲ ዝተበተከ ድንድል ንኽንገዝበረሉ ድማ ብዛዕባ ገዛእ ርእስናን ብዛዕባ ዓለምን ኣብ ሃተፍተፍ ክንኣቱ ንገደድ።

ልክዕ ከም እቲ ንዘኾኑ ነገር ኣብ ህይወትና ክብሩ እንህቦ ክብሩ እነሕስሮ፡ ንዛ ርእስና እውን ከኽብራን ከሕስራን ንኽእል ኢና። ጽልኣት ገዛእ ርእስና ከሕድር እንከለና፡ ንዕንወትና ክንጸምብል ድሕር ኣይንብልን ኢና።

እቶም ኣብ ገዛእ ርእሶም ክብሪ ዘይብሎም ሰባት፡ ብዛዕባ እቶም ኣብ ገዛእ ርእሶም ክብሪ ዘለዎም ሰባት ፋዕራ የብሎምን። ገለ ሰባት ኣብ ጸልማት ከኒታት ከም እተሸመሙ ኩይኖም ክስምዖም እንከሎ፡ ኣብ ክንዲ ናብ ብርሃን ዝወጽኡሉ ዝተፈላለየ መንገዲ ዝሓልሹ፡ ናብ ርእሰ ዕንወት እዮም ዝስልጡ።

እቶም ንገዛእ ርእሶም ክብሪ ዘይብሎም ሰባት፡ ብመዳይ ስነ ምግባር ዝተሓተ ኩይኖም ደስምዖም። ብስሪ እቲ ሕማቕ ስነ ምግባሮም፡ መኩሓሓሲ ዝኸውን ገለ ሕማቕ ነገር ኪጋጥሞም ሃረር ይብሉ። እዚ ብዝተፈላለዩ ኣገባብት ከም ብኣልኮላዊ መስተን ሽጋራ ብምትካኽን ንገዛእ ርእሶም ብምዕናው ግዝያዊ ሩፍታ ዝረኸቡ ኩይኖም ደስምዖም። ካልኦት ከኣ ንኻልኦት ሰባት ብምጕዳእ ተሃናም የውጽኡ። እቲ ዓበይ ዝኾነ ክፋል ገዛእ ርእሶም እዩ ንኹሉ እቲ ዝወርዶ ቃንዛን ዕንወትን ከም መኩሓሓሲ ገይሩ ከጸናንዕም ህርዲግ ዝብሉ።



*“ኣብ ሓደ እዋን ንሕሉፋት ረሲዖ። እቲ ምንታይሲ፡ ሓገዞካ ኣብኡ እዩ ዝምርሕ።” - ኣሮን ሉራትሰን*

*“ንሓደ ሰብ ህይወት እንታይ ምዃና ካብ ክትነግሮ፡ ህይወት ዘይብሉ እንታይ ምዃኑ ክትነግሮ ይቐልል።” - ሻናን ኣልደር*

ይቕጽል

# ጸጋታት ባሕሪ

የናስ ክፍላይ

## ኣገዳስነት ክሎሪን ኣብ ትካላት ዓሳ

ኣብ ድሕነትን ብቕዓትን ምህርቲ ዓሳ እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ረቛሒታት ጽሬትን ንጽህናን መሳርሒታት ምህርቲ ዓሳ ኮይኖም፡ ኣብ ትካላት ዓሳ ካብ ምቕባል ምህርቲ ዓሳ ጀሚርካ ክሳብ ምምስራሕ ዓሳ ዘሎ ሰንሰለት ብዕቱብ ዝሰርሓሉ እዩ።

ዝበዝሐ ጠንቂ ብመግቢ ዝስዕቡ ሕማማት፡ ብጉድለት ጽሬትን ዘይግቡእ ምምካን መሳርሒታት መግብን ኮይኖም፡ ዝተበላሸወ መግቢ ዓሳ ምምጋብ እቲ ዝተሓተ ሳዕቤኑ ቀጨውጨው ክኸውን እንከሎ፡ ዝበኣሰ ሳዕቤኑ ድማ ሞት እዩ። ንጽህና ወይ ጽሬት ኣብ ኩሎም መድረኻት ማለት ኣተሓሕዛን ምምስራሕን ምህርቲ ዓሳ ክሳብ ተጠቃማይ ዝበጽሖ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ጽሬት ምስ ዘይህሉ፡ ባክተርያ ኮነ ካልኦት በከልቲ ነገራት ብቐሊሉ ክፋረዩን ንምህርቲ ዓሳ ብምውራር ክበከልዎን ምቹእ ሃዋህው ይፈጥር። ብተወሳኺ ብዘመማን ካልኦት ባልዓትን ተጺዩርም ናብ ምህርትን ዝተፈላለየ ክፋላት ናይ መመስርሒ ቦታን ይሰግሩ እሞ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ብርሱላት ዝመጽኡ ሕማማት ይኾኑ። ማይ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ፍርያት ምህርቲ ዓሳ ኣብ ምፍጣር ጽሩይ፡ ንጹር፡ ህዱእ፡ ኣኸባቢን ዝሬሪ ምህርትን ዓቢ ተራ ይጻወት። ብተወሳኺ፡ ኣብ ትካላት ዓሳ ካብ ዝኾነ ብኸላን ሓደገኛታት ታህዋስያንን ናጻ ዝኾነ ቀረብ ዝስተ ማይ ከም መጽረይን ኣካል ትሕዝቶ መመስርሒ ዓሳን ኮይኑ ዘገልግል ሓደ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

ኣብ ትካላት ዓሳ ንምንጪ ቀረብ ማይ ዝምልከት ይኹን ኣተዓቓቕባኡ፡ ኩነታት ጽሬቱ ወይ ንጽህናኡ፡ ኣጠቓቕማኡን ብመሰረት ኣዋጅ ፍርያት ዓሳ ቁ.105/1998፡ ሕጋዊ ምልክታ ቁ. 42/1998 (ድሒሩ ዝተመሓየሸ ሕጋዊ ምልክታ ቁ. 68/2003) ክኸውን ኣለዎ። ብቐጥታ ይኹን ብዘዘዋዋሪ ኣብ ምፍራይ ምህርቲ ዓሳን ምጽራይ መሳርሒታትን እንጥቀመሉ ማይ ኣብ ኣዋጃት ሃብቲ ባሕሪ ትሕቲ ትርጉም ሕጋዊ ዝስተ ጥዑም ማይ ወይ ጽሩይ ማይ ባሕሪ፡ ንኸሉ ስርሓት ከገልግል ኣለዎ። ይኹን'ምበር ብፍሉይ ዚ ዕላማ ተባሂሉም ዝዘርግሕ ሻንብቆታት ማይ፡ ካብቲ ዝደለ ዕላማ ወጻኢ ንኸየገልግሉ ዝኸልክሉን ኮቲ ምህርቲ ከኣ ናይ ብኸላ ሓደጋ ዘምጽኡን ክኾኑ ኣለዎም። ኣብ ትካላት ዓሳ ዝስተ ማይ ምስ ዘይከውን ንመፍረ ሃፋ፡ ንመጥፍኢ ሓዊ፡ ከምኡ'ውን ንመዝሓሊ ናውቲ መዝሓሊ ከገልግል ይኽእል'ዩ። ኣብ ትካላት ዓሳ ሻንብቆታት ዘይስተ ማይ ካብቶም ንዝስተ ማይ ዘገልግሉ ብንጹር ክፍለዩ ይግባእ።

ቀንዲ ስግኣት ናይ ትካላት ዓሳ ዝጥቀማሉ ማይ፡ ህላወ ናይ ሓደገኛታት ዝኾኑ ታህዋስያን ኮይኑ፡ ዝበዝሓ ሃገራት ንመምከኒ ማይ ካብ ዝጥቀማሉ ኣገባብ ሓደ ዋሪ ነገር ክሎሪን ዝተባህለ ኬሚካል እዩ። ኣገዳስነት ክሎሪን ኣብ ህላወ ጽሬቱን ንጽህናኡን ዝተሓለወ ማይ ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ካልኦት ኣገባብ ምምካን ማይ ብዋዒ (ነገራዊ ባኢታ) ኮይኑ፡ ውሑስን ኣተኣማማንን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብዓቕምና ክንገብሮ እንኽእል ኣገባብ ምምካን እዩ። እዚ ድማ ኮቲ ማይ ብዋዒኡ ብምፍላሕ ናብቲ ክመክን ዝተደልየ ቦታ ወይ መሳርሒ ብምፍሳስ ይካየድ። ብተወሳኺ ብጨረርታ ምምካን'ውን ይከኣል እዩ።

ዝበዝሓ ትካላት ዓሳ፡ ብማይ ካብ ዝፍጠሩ ሕማማት ከም ሽሮኽ፡ ተቐማጥ፡ ወጽኣትን ሕማም ፊራን ንምክልኻል፡ ንዝተፈላለየ መዓላ ዝጥቀማሉ ማይ ከም ዓቕሙ ብክሎሪን ከምዝመክን ይገብራ። ብክሎሪን ምምካን ክበሃል እንከሎ፡ ንጽሬት ሰዓቡ ዝኾይድ መሳርሕ ኮይኑ፡ ብዓይንና ዝይረኣዩ ንፍርያት ዓሳ ብምብካል ናብ ተጠቃማይ ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያታትን ካልኦት ደቀቕቲ ታህዋስያንን ምጥፋእ ወይ ኣብ ሕማም ከስዕቡሉ ዘይኽእሉ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ዝኾይድ መሳርሕ እዩ።

ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኣብ ትካላት ዓሳ ንጽህና ማይ ንምሕላው ክሎሪን ምጥቃም ካብ ነዊሕ ዘበናት ዝነበረ ኮይኑ፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ምስ ጠቢያት ወይ ባህርያት ክሎሪን ተኣሳሲሩ ዝግለጽ እዩ። ክሎሪን ከም ኣገዳስነት ዓቕሙ፡ ኣብ ማይ ብምሕዋስ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ (30 ደቒቕ) ሓደገኛታት ታህዋስያን ናይ ምጥፋእ ባህሪ ኣለዎ። ንመግቢ ይኹን ማይ ኣብ እትጥቀመሉ በኣሲ (toxic) ብዘይምዃኑ፡ ኣብ ሰብ ይኹን ኣብ ከባቢ ዘምጽኦ ሳዕቤን የለን።



መጠን ክሎሪን ኣብ ማይ ክዕቀን እንከሎ




ትካላት ዓሳ ዝመኸነ ማይ ዝጥቀማሉ ክፋል

ክሎሪን ሕሰርን ብቐሊሉ ዝርከብን፡ ክኣዓዝዝን ክኸዝንን ዝኽእል ብምዃኑ ኣገዳሲ ይገብሮ።

ኣገባብ ኣጠቓቕማ ክሎሪን፡ መጀመርያ ክትጥቀመሉ ዝደለኻ ኬሚካል ክንደይ ሚእታዊት ክሎሪን ከምዘሎ ሓብሬታ ምንባብ የድሊ። እንተዘይኮነ ብላቦራቶሪ ወይ መሳርሒ ብምቕማር ክፍለጥ ይከኣል። ቀጺሉ ዓቕሚ (Capacity) ናይ'ቲ ኣብ ትካላት ዓሳ ዘሎ ባኮ ወይ ገንኢ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይገብሮ። ምኽንያቱ ክንደይ መጠን ዝግታ ክሎሪን ከምዝድሊ ክትፈልጥ ስለዘሕግዘ። ውሑድ ዝግታን ጽሩይ ቀረብ ማይን ዘለወን ሃገራት ውሑድ ክሎሪን ክጥቀማ ይኽእላ።

ኣገባብ ኣጠቓቕማ ክሎሪን ኣብ ማይ፡ ብዋዒኡ ድሕሪ ምጽራይ፡ ዝጸረየ ቦታ ክሎሪን ይንሰሉ፡ መሳርሒታት ከኣ ኣብ ዝተበጽበጸ ክሎሪን ይእለኹ። ድሕሪ ዝተወሰነ ደቓይቕ ከኣ ብማይ ይሕጸቡ። ባክተርያ ንምቕታል ዓቐን ክሎሪን ኣብ ማይ ምስ ትውዕል ውሑዲ እዩ። ንመግቢ ይኹን ንማስተን ንመተሓጻጸቢ ንብረትን ዝውዕል ዓቐን ክሎሪን ኣብ ማይ ዝተፈላለየ እዩ።

እዚ ድማ ብበረድ ንዝቖዘዘ ምህርቲ (glazing)፡ መፍረዩ በረድ፡ ኣብ መመስርሒ ቦታን ከባቢን እንጥቀመሉ ማይ፡ ዓቐን ክሎሪን ትሕቲ 2ppm ክኸውን ይግባእ። ኣብ መጥለቒ ኢድ ንምምካን 20ppm፡ መጥለቒ መርገጺ እግሪ ንምምካን (foot dip) 50ppm፡ ንመሕጸቢ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን 100ppm ክኸውን እንከሎ፡ ንመሕጸቢ ምድሪቤት ናይ ትካል ዓሳ ድማ ካብ 100-200ppm ዓቐን ክሎሪን ኣብ ማይ ንጥቀም።

ኣብ ትካላት ዓሳ ዘገልግሉ ቀመማት ንጽህና መማከኒታት፡ መቕተሊ ነፍሳት ከምኡ'ውን ከምርዙ ዝኽእሉ ነገራት ኣብ ዕጹው ቦታታት ወይ ኩበሒታት ክኽዘኑ ይግባእ።




መጠን ክሎሪን ኣብ ማይ ዝዕቅን መሳርሒ.

ኣገባብ ትግባረ ክሎሪን ካብ ዝጸልዉዎ ረቛሒታት ንምጥቃስ፡ ባህሪ ወይ ተፈጥሮ ሓደገኛታት ታህዋስያን፡ ሙቐት ማይ፡ ምስ ምውሳኽ ሙቐት ማይ ብቐሊሉ ዝግታ ክሎሪን ይህሉ፡ ምስ ማይ ምውህሃድን ምልጋብን ዝወስዶ ግዜ፡ PH ናይ ማይን ብዝሕን ዓይነት ክመክን ተደልዩ ዘሎ ይምርኮሱ።

ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ንኣገባብ ትግባረ ክሎሪን ኣብ ምምካን ማይ ዘለዎ ክእለት ዝተፈላለየ ርድኢት ነይሩ። ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝነበረ ርድኢት ምስ እንገሪ ክሎሪን ኣብ ማይ ድሕሪ ምሕዋሱ ሃይፖክሎሮስ ኣሲድ ዝተባህለ ወህድ ባኢታ (HOCl) ይፈጥር። እዚ ባኢታ ምስ ተበታተነ ድማ ውሉዶ (Nascent oxygen) ኦክሲጅን ይፈጥር። እዚ ኦክሲጅን ድማ ምስቲ ኣብቲ ማይ ዘሎ ነፍሳዊ ነገራት ይተሓዋወስ ዝብል ርድኢት ነይሩ። ሰዒቡ ዝመጸ ርድኢት ግን ክሎሪን ባኢታ ብቐጥታ ኮቲ መንደቕ ዋህዮታት ናይቶም ደቀቕቲ ታህዋስያን የጥቅዕ ምዃኑ እዩ። ናይ ባክተሪያ ፕሮቶፕላዝም ድማ ከምዝርግሖ ይገብር።

ኣብ መወዳእታ ዝበዝሑ ጠንቂ ብመግቢ ዝስዕቡ ሕማማት ብጉድለት ጽሬትን ዘይግቡእ ምምካን መሳርሒታት መግብን ኮይኖም፡ ክሎሪን ኣብ ትካላት ዓሳ ካብ ዝኾነ ብኸላን ሓደገኛታት ታህዋስያን ናጻ ዝኾነ ቀረብ ዝስተ ማይ ከም መጽረይን ኣካል ትሕዝቶ መመስርሒ ዓሳን ኮይኑ ዘገልግል ሓደ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ፍርያት ምህርቲ ዓሳ ኣገዳስነት ማይ ኣብ ምፍጣር ጽሩይን ፍሉይን ንጹርን ህዱእ ኣከባቢን ዝሬሪ ምህርትን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ንምንጪ ቀረብ ማይ ዝምልከት ይኹን ኣተዓቓቕባኡ፡ ኩነታት ጽሬቱ ወይ ንጽህናኡ፡ ኣጠቓቕማኡን ብመሰረት ኣዋጅ ፍርያት ዓሳ ክኸውን ይግባእ።

ኣገዳስነት ክሎሪን ኣብ ምህላው ጽሩይን ንጽህናኡ ዝተሓለወ ማይን ዝዓበየ ተራ ዝጻወት ኮይኑ፡ ትካላት ዓሳ፡ ምስ ዕብየትን መደብ ስራሕን ዝኸይድ መደባት ጽሬት ብምውጻእ፡ ንዕኡ ዘተግብር ተሓታቲ ዝኾውን ሰራሕተኛ ክረቑሓ ይግባእ።

**ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:25 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | መደብ ጸባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ምርኢት ጉጅለ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግሪ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፈስቲቫል ጁዳ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኣገንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ግድሉ ዘይተፈትሐ ኣማውታ ቻርለስ ሞርጋን



ብ22 መጋቢት 1977፡ ቻርለስ ሞርጋን ዝተባህለ ሰብ ካብ ፎኒክስ - ኣሪዞና ዝርከብ ገዛኡ ምስ ወጸአ ኣይተመልሰን። ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ግና፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናብ ገዛኡ ተመልሰ። ብዓልቲ ቤቱ ሩት ንፖሊስ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ሰብኣያ ናብ ገዛኡ ክምጽእ ከሎ ኣብ ከብዲ ቅልጽሙ ሓንቲ ፊሮ ገይሩ፡ ክልተ ኣእዳዉ ድማ ብፊሮ ተኣሲሩ እዩ መጺኡዋ። ናብ ጉሮሮኡ እናመልከተ ድማ፡ ክዛረብ ከም ዘይክእል ነገራ። ሽዑ ተቐላጢፉ ፒርን ወረቐትን ኣቕሪባትሉ። ኣብ ጉሮሮኡ ሓደገኛ መርዚ ከም ዘሎን ንሱ ስርዓት መትንታቱ ከዕንዎ ከም ዝኽእልን ብጽሑፍ ገለጸላ።

ሩት ናብ ፖሊስ ወይ ክሊኒክ ጥዕና ክትድውል ደለየት። ቻርለስ ግና ከምኡ ምስ እትገብር ህይወት ኩላ ስድራ ኣብ ሓደጋ ከም ዝኣቱ ነገራ። ሩት ባዕላ ኮኑታት ጥዕና ብዓል ቤታ ክትከታተል ጀመረት። ቻርለስ ኮኑታት ጥዕንኡ ምስ ተመሓየሸ፡ ኣብ ትካል ስሊያ ኣመራ ከም ሰላዪ ኮይኑ ንሰለስተ ዓመታት ከም ዝሰርሐ ነገራ። ቀጺሉ እቶም ጨወይቱ መለለዪ ናይቲ ከም ሰላዪ ኮይኑ ዝሰርሓሉ ካርዱ ከም ዝወሰዱሉን ካብኡ ግና ዝኾነ ሓበሬታ ክረኽቡ ከም ዘይከኣሉን ገለጸላ።

ቻርለስ ሕጂውን ካብቲ መጀመርታ ዝጠፍኣሉ ድሕሪ ከባቢ ክልተ ወርሒ ኣብዚ ኣሎ ዘይበሃል ተሰወረ። ድሕሪ ትሸዓተ መዓልታት፡ ሰበይቱ ሩት ካብ ሓንቲ ዘይትፈልጣ ጓል ኣንስተይቲ ናይ ቴሌፎን መልእኽቲ ተቐበለት። እታ ደዋሊት "ቻርለስ ደሓን ኣሎ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ መጽሓፍ መክቡብ 12፡1-8 ኣንብቢ" ኢላ ቴሌፎን ዓጸወታ።

ድሕሪ'ዚ ሰንበጠራዊ ደወል ቴሌፎን ድሕሪ ክልተ መዓልታት፡ ብ 18 ሰነ 1977፡ ሬሳ ቻርለስ ካብ ከተማ ፂኩሶን 56 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ኣብ ማኪናኡ ተረኽበ። ቻርለስ ብዝባኡ ሸጉጡ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ርእሱ ተሃሪሙ ነበረ። ከምኡ'ውን ካብ ጥይት ዝከላኸል ክዳን ተኸዲኑ ነበረ። ኣብ ጁባኡ ድማ ካራ ተረኽበ፡ ኣብ ቦታ ፍጻመ፡ ናይ ቻርለስ ዘይኮና ክልተ ናይ ዓይኒ መጽረሪት ነበራ። መርመርቲ ንማኪና ቻርለስ ብደቂቕ ምስ ፈተሹዋ፡ ዝተፈላለዩ ኣጻዋርን ብዙሕ ጠያይትን ረኸቡ።

ብዘይካ'ዚ እታ ማኪና ተዓጺያ ዘይትኮነት ተኸፊታ እያ ነይራ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል እታ ማኪና ድማ፡ ሰኒ ቻርለስ ሞርጋን ብጸዕዳ ጨርቂ ተጠቕሊሉ ተረኽበ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ሰጳኛ ኣሰማት ዘለዎ ናይ ክልተ ዶላር ባልን ካርታን ካብቶም ኣብታ ማኪና ዝተረኽቡ ነገራት እዮም። ኣብ ልዕሊ እቲ ሰጳኛዊ ኣስማት ድማ፡ መክቡብ 12፡1-8 ዝብል ተጻሒፉ ነበረ፡ እቲ ካርታ ንቱክሶንን መከሰኮን ዘራኽብ ሓደ ቦታ የመልክት ነበረ፡ ኣብቲ ግዜ እዚን ከተማታት ብዝበዝሒ ንጥፈታት ኮንትሮባንድ ይረኣየለን ነበራ።

ሕክምናዊ መርመራ ከምዝሓበሮ፡ ሬሳ ቻርለስ ክርከብ ከሎ ካብ ዝመወት 12 ሰዓታት ጥራይ ገይሩ ነበረ። ዝኾነ ኣሰር ኣጻብዕ ግና ክርከብ ኣይተኻእለን። ኣብ ኢድ ቻርለስ ግና ባሩድ ተረኽበ፡ በዚ ምኽንያት፡ ኣኽባር ሕጊ ኣመራ፡ ኣማውታ ቻርለስ ነብሰ ቅትለት ኢሉ ደምደሞ።

ብዓልቲ ቤቱ ሩት ሞርጋን ግና፡ እዚ ሓሳብ ብትሪ ብምቅዋም ብዓል ቤታ ብኢድ ሰብ ከምዝተቐትለ መጎተት። "ኣብ መወዳእታ እዚ ጉዳይ ክፍታሕ ድዩ? ስለምንታይ ኣይርድኣንን እዩ ግና ቀታሊ ብዓል ቤተይ ዝረኽብዎ ኮይኑ ኣይሰምዓንን።" ኢላ'ያ ሓሳብ ደምዲማ ነቲ ክሳብ ሕጂ ግድሉ ዘይተፈትሐ ኣማውታ ብዓል ቤታ።

## ህዝብታትን ባህልታቶምን

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዓለም ዝቕመጡ ኣህዛብ ንኣካብሮኦም ዝውክል ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣለዎም። ንሎሚ ገለ ካብ ኣህዛብ ዓለም ኣብ ግዜ መርዓ ዘዘውትርዎ ፍልይ ዝበለን ሰንበጠራውን ኣገባብ መርዓ ክነርኢ ኢና፦

- ሰኮትላንዳውያን ኣብ ድሮ መርዓ ዘላ መዓልቲ ቤተሰቦምን ኣዕሩኽቶምን ገፊጥመፊጥ ናይ እንቋቑሖን ዓሳን ናብ ኣካላት መርዓውቲ ክድርብዩ ኣለዎም። እዚ ክልስ ሓሳብ'ዚ፡ እዞም መርዓውቲ ዝ ነገር ክጻወሩ እንተ ኺኢሎም፡ ኣብ ሓዳሮም ንዝኾነ ዘጋጥሞም ነገር ክብድህዎ ይኽእሉ እዮም ካብ ዝብል እምነት ዝተበገሰ እዩ።
- ኩሉ ግዜ መርዓ ምስ ሓገስ ኢና ነተኣሳስሮ ከም ወጽኢቱ ድማ ካብ መርዓውቲ ጀሚርካ ኩሉ ተሳታፊ እቲ መርዓ ፍሽኽ ክብል ንቡር ተርእዮ እዩ። ኣብ ኮንጎ ግና፡ እዚ ተርእዮ ልሙድ ኣይኮነን። መርዓ ጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ መርዓትን መርዓውን ፍሽኽ ክብሉ ኣይፍቀዶምን እዩ። ስለዚ ብዝኾነ መዳይ ከፍናኖም ከፈቶም ኣሰናኖም ክርኢ የብሉን። ምኽንያቱ ፍሽኽ እንተ ኢሎም ንመርዕኦም ብዕቱብ ከም ዘይሓዝዎ ስለ ዘመልክት እዩ።
- ኣብ ቻይና ዝርከቡ ቀቢላ ቱጂያ'ውን መርዓውቲ ፍሽኽ ኣይብሉን እዮም። ቀድሚ መርዓ፡ መርዓት ካብ ቀድሚ ወርሒ ኣትሒዛ መዓልታዊ ንሓደ ሰዓት ክትበኪ እያ ትግደድ።
- ካልኦት ኣብ ቻይና ዝርከቡ ቀቢላ ድማ፡ መሓዘት መርዓት ተኣኪበን መርዓዊ ሰልዲ ክህበን ይሓትኦ። ድሕሪ'ዚ ቀድሚ ናብ መርዓቱ ምኻዱ ሓደ ሰንበጠራዊ ዕዮ ይህብኦ። ንዝሃብኦ ዕዮ እንተ ዘይፈጺሙ ክኸይድ ኣይገድፍኦን እየን።
- ኣብ ገለ ክፋላት ህንዲ፡ ኣብ ዝተወሰና ኣዋርሕ ዝተወልዳ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝተረገማ ይኣምኑ። እዚ መርገም ድሕሪ ምምርዓወን ሰብኣየን ቀልጢፉ ከም ዝመውት ይገብር። ነዚ መርገም ክትሰብረሉ እትኽእል እንኮ መገዲ ድማ፡ ቀድሚ ምስ ሰብኣይ ምምርዓዋ ምስ ገረብ ክትምርዖ እዩ። ድሕሪ'ዚ እቲ መርገም ጸይሩ ዘሎ ገረብ ይቑረጽ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነጻ ኮይና ምስ ዝኾነ ሰብኣይ ክትምርዖ ትኽእል።
- ኣብ ባህላዊ ጾምብል መርዓ ጃፓን ዕዱማት ንመርዓውቲ ዝኸውን ዕትሮታት ሒዞም እዮም ዝመጽኡ፣ መርዓውትን ኩሎም ተሳትፍቲ እቲ መርዓን ድማ ንኹሉ እቲ ዕትሮታት ብሓባር ብምሻን ይሰብርዎ። እዚ ተግባር ርኹሳት መናፍስቲ ከምዘሰጉግ እዩ ዝኣመን። ድሕሪ ምዝዛም ጾምብል ግና፡ መርዓውቲ ንኹሉ እቲ ስብርባር ብሓንሳብ ኮይኖም ክጽርይዎ ኣለዎም። ዕላማ እዚ ተግባር፡ ህይወት ኩሉ ግዜ ቀሊል ከም ዘይኮነትን ዝኾነ ዘጋጥሞም ብድሆ ብሓንሳብ ኮይኖም ክብድህዎ ከም ዘለዎምን ንምርዳእ እዩ።
- ኣብ ፈረንሳ ዝርከብ ማርኩሳስ ዝተባህላ ደሴታት ዝነብሩ ህዝቢ፡ ድሕሪ ምውዳእ መርዓ፡ ኩሎም ኣዝማድ ኣብ መሬት በጥ ድሕሪ ምባሎም፡ መርዓውቲ ድማ ብልዕሊኦም ረጊጾሞም ይሓልፉ።
- ኣብ ባህሊ ሮማ፡ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ክምርዓዋ ንዝደለየ ጓል ክዘርፉ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ብሓገዝ ኣዕሩኽቱ ምስ ዘረፋ፡ ናብ ገዛኡ እዩ ሒዙዋ ዝኸይድ። ምስ ስድራ ጓል ተሰማሚዮም ድማ መርዓ ይገብሩ።
- ኣብ ዝተወሰኑ ካልእ ቀቢላ ህንዲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣዝማድ መርዓት ጫማ መርዓዊ ሰሪቐን ይሓብኣኦ። ስለዚ መርዓዊ ጫምኡ ክምለሰሉ እንተ ደልዩ ምስ'ተን ኣዋልድ ክሰማማዕን ዝደልየአ ክማልኣለንን ኣለዎ።
- ኣብ ደቡብ ኮርያ 'ባለንባይ' ዝበሃል ፍልይ ዝበለ ጾምብል ኣሎ። ድሕሪ ጾምብል መርዓ፡ ስድራን ኣዕሩኽን መርዓዊ ጫምኦምን ካልሲኦምን የውጽእዎ። ድሕሪ'ዚ፡ ሓደ ካብኦም ተሳተፍቲ ንኽሎም ብበትሪ ኣብ እግሮም ይሃርምዎ። እቲ መርዓዊ ነቲ ካብ ተሳተፍቲ ዝቐርበሉ ሕቶታትን ግድልን እናመለሰ ንቓንዛ ናይቲ ማህረምቲ ክጻወሮ ኣለዎ። እዚ ጾምብል ተጻዋርነትን ባህርያትን መርዓዊ ንምፍታን ብዝብል ዕላማ ዝግበር እዩ። እቲ ሃዋህው ኣዝዩ ደስ ዘብል ኮይኑ፡ መርዓዊ ድማ ነቲ ማህረምቲ ብጽቡቕ መንፈስን ብሩህ ገጽን ክቕበሎ ኣለዎ።
- ኣብ ፊጂ፡ ሓደ ወዲ ተባዕታይ ነታ ክምርዓዋ ዝደለየ ጓል፡ ቀድሚ ምምርዓወ፡ ንኣቦ እታ ዝደለያ ጓል፡ ስኒ ናይ ዓሳ ነባሪ ክምጽኣሉ ኣለዎ። እዚ እንተ ዘይገይሩ ንጓሉ ክምርዓዋ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ዌልስ፡ መርዓዊ ንሰበይቱ ብጽቡቕ ኣገባብ ካብ ዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ማንካ ከም ህያብ ይህባ። ዕላማ እዚ ንሰበይቱ ኩሉ ግዜ ጠለባታ ከም ዘቐርበላን ከም ዘዮጥምያን ንምግላጽ ዝግበር እዩ።
- ህዝቢ ኣየርላንድ ሓደ ኣጉዳሲ ባህሊ ኣለዎም፡ መርዓውቲ ኣብ ዕለተ መርዕኦም ኣብ ዝስዕስዑሉ ግዜ፡ መርዓት እግራ ፈጺማ ካብ መሬት ሓፍ ክተብሎ የብላን። ናይ'ዚ ከም ምኽንያት ዝምጽእዎ፡ እግራ ሓፍ ምስ እተብሎ ሰይጣናውያን መናፍስቲ ካብ ሰብኣያ ፈልየን ከይወስዳኣ ስለ ዝፍራሕ እዩ።



### ክገርመኩም!

ሱቶሙ ያማጉቺ ዝተባህለ ጃፓናዊ ብህይወት ክትወጽኣሉ ኢልካ ካብ ዘይትሓስቦ ዓበይቲ መጥቃዕትታት ብዕድል ዝደሓነ ሰብ እዩ። ንሱ፡ ኣመራ ኣብ ልዕሊ ሂሮሺማ - ጃፓን ሓደገኛ ኣቶሚካዊ ቦምብ ክትሰንዱ ከሎ፡ ብስራሕ ተንቀሳቒሱ ኣብታ ከተማ ነበረ። ካብ ብርታዕ እቲ ተተኳሲ ዝተላዕለ ድማ ንላዕሊ ናብ ኣየር ተሰንደወ። እንተኾነ ዝኾነ ነገር ስለ ዘጋጠሞ ብሰላም ኣብ ናጋሳኪ ናብ ዝርከብ ቤቱ ከደ። እዚ መዚቀኛ ናብ ከተማኡ ምስ ተመልሰ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሂሮሺማ ዘጋጠመ ክስተት ንሓለቓኡ የዕልሎ ነበረ። ሓለቓኡ ግና ምስ ሓሳቡ ክሰማማዕ ስለ ዘይከኣለ "ሓንቲ ቦምብ ከመይ ገይራ ከተማ ምሉእ ከተሀሉ ትኽእል?" ኢሉ ሓተቶ። እንተኾነ ሓለቓ ናይ ያማጉቺ ዘረባኡ ከይወድአ ሓደ ብርቱዕ ጸዕዳ ብርሃን ነታ ቤት መልኣ። ብቐጥታ እቲ ኣብ ሂሮሺማ ዘጋጠመ መጥቃዕቲ እዩ ኣብ ናጋሳኪ ተደጊሙ። ያማጉቺ ሕጂውን ካብ'ቲ ሓደጋ ደሓነ፡ እዚ ካብ ክልተ መጥቃዕትታት ብዕድል ዝደሓነ ጃፓናዊ ድሕሪ'ዚ ፍጻመ ንነዊሕ ዓመታት ብህይወት ክጸንሕ ክኢሉ ኣብ 93 ዓመቱ እዩ መይቱ።

### ኣጋጣሚዶ ትብልዎ?

እቲ ዕድመ ዝደፍአ ኣቦይ ነፍሲ ወከፍ ሰንበት ንድራር ንገዛና ይመጽእ እዩ። ካልእ ኩሉ ናብርኡ ግና ብዘይ ናይ ዝኾነ ሰብ ሓገዝ ባዕሉ እዩ ዝገብሮ። ምስ ኣቦይ ወላ ንገዛና ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ ኣይንዘራረብን ኢና። ሓደ ምሸት ብዛዕባ ኣቦይ ዘይምቑእ ስምዒት ተሰምዓኒ። ሰቕ ኢለ ድማ ሸቐልቀል ክብለን ክርበሸን ጀመርኩ። ወላ'ኳ ብዙሕ ግዜ እንተ ደወልኩሉ፡ ቴሌፎን ዘልዕላ ሰብ ግና ኣይነበረን። ዝቕመጠሉ ገዛ ካብ ናትና ናይ ሓደ ሰዓት ርሕቀት ዘለዎ እዩ። ንጓለይ ናብ ገዛ ኣቦይ ክትከይድ ስለ ዝነገርኩዋ፡ ምስ ብዓል ቤታ ከደት። ሰብኣይ ጓለይ ድማ ደዊሉ ኣቦይ ኣብ ጋራጅ ወዲቑ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ ከም ዝጸንሐ ድሕሪ ምንጋር ብቕልጡፍ ናብ ሆስፒታል ወሰድዎ። ሓኪም፡ ንኣቦይ ናብ ሆስፒታል ንኸምጽእዎ ቀሩብ እንተ ዝድንጉዩ ነይሮም ብህይወት ክሰርር ዝበሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ከም ዝነበረ ነገረና። ኣቦይ ኮኑታት ጥዕንኡ ናብ ንቡር ምስ ተመልሰ፡ ኣብ ጸገም ከም ዝነበረ ብኸመይ ከም ዝፈለጥኩ ብምግራም እዩ ሓቲቱኒ። እንታይ ኢለ ከም ዝምልሰሉ ኣይፈለጥኩን ምኽንያቱ ተሰሚዑኒ ጥራይ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መዝገብ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ኰ/ስመረ ገብረማርያም ሰወአ ኣሰፋው ስመረ ኣቶ ኪዱት ኣሰፋውን ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ኰ/ ስመረ ገብረማርያም ኣቶ የማነ ስመረ፡ ወ/ሮ ሕርይት ስመረ፡ ኰ/ዘርኣ ስመረ ገብረማርያም ዝኾኑ ወ/ሮ ኣበባ ዘርኡ፡ ወ/ሮ ኤልሳ ዘርኡ፡ ኣቶ ተማሰገን ዘርኣ ወ/ሮ ለምለም ስመረ፡ ኣቶ ገብረሚካኤል ስመረ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ቁ.5 ኣቶ ገብረሚካኤል ስመረ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈለጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ደማ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪልኩም ኣብልኩም ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቁ/41 ቅረቡ። እንተዘይቀረብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰረቐብርሃን ዓንደብርሃን ምባል ተረፉ፡ ሰረቐ ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ተጸዋዕቲ ወረ/ኰ/ገብረሚካኤል ሃብቱ 1. ኣቶ ኣፈወርቂ ገብረሚካኤል 2. ወይ/ለምለም ገብረሚካኤል 3. ኣቶ ዳዊት ገብረሚካኤል 4. ወይ/ኣኽበረት ገብረሚካኤል 5. ወይ/ትዕግስቲ ገብረሚካኤል ኣመልካቲት ወይ/ሰምረት ገብረሚካኤል ሃብቶ፣ ብመሰረት ኣቦና ኰ/ገብረሚካኤል ሃብቱ ዝተፈጸመለይ ወህብቶ፡ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክፍጸም ክውሰነለይ ዝበል ናይ ክሲ ምልክታ ስለ ዘቕረብኩ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሕሩይ ጸጋኣብ ተከኤ፡ ወለድና ኰ/ጸጋኣኣብ ተከኤ ተላ ከምኡ'ውን ኰ/ራት ብርኽቲ ረድኤት ማና ስለዝዋረፉ፡ ናይ ኣቦና ወረስቲ ምስ 3 ኣሕዋተይ፡ ናይ ኣዴና ወረስቲ ደማ ኣመልካቲ ምስ ሓደ ሓወይ ምዃንና ተረጋገጹ ናይ ውርሲ ምስክር ወረቐት ክወሃበና ዝበል ምልክታ ስለ ዘቕረብ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲ ፊልሞን ተስፋዝጊ ባይሩ፡ ተኸሳሲት ፍረወይኒ ኪዳ ተኸስቲ፡ ንግኽ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ተጸዋዕቲ ወረ/ኰ/ሄር ሰላስ ዑቕባዝብርኤል 1. ወይ/ጽገወይኒ ክፍለየሱስ 2. ኣቶ ጴጥሮስ ክፍለየሱስ፣ ኣመልካቲ ኣቶ ሳምሶም ክፍለየሱስ መሓሪ፡ ኣዴና ኰ/ሄር ሰላስ ዑቕባዝብርኤል ብስማ ዝተመዝገበ ናይ ህዝቢ መመላለሲት መጎዓዝያ ታክሲ ህያብ ስለ ዝፈጸመትለይ፡ ተጸዋዕቲ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክፍጸሙ ክውሰነለይ ዝበል ናይ ክሲ ስለ ዘቕረብ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ቅረቡ።

ወ/ሮ ብስራት ተወልደ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ ኤልያስ ቀለተ ዘላዘጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ከኣ ወረሲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ/47 ይቕረብ።

ኣስቴር ተኽለ ተስፋሰላሴ ምባል ተረፉ፡ ኣስቴር ተኽልያ ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ/33 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሳምሶም መንግስትኣብ ዑቕባርግኡ ወለደይ መንግስትኣብ ዑቕባርግዝን ዝፋን ገብረሚካኤልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣብል ሳምሶም ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ ኣብል ሳሙኤል ኣማኑኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለምለም ተኽለሃይማኖት ጸጋይ፡ ሓትነይ ተማዮሩ ተኽለሃይማኖት፡ ኑቲ ኣብ ምም/ን/ዞባ ኣኸርያ ዓዲ ንፋስ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ዝምልከት ዝበበረትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ተጋ/ስዕዲ መሳ መሓመድ፡ ኃለይ ኣክራም ዑሶማን ሳልሕ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ ወላዲአ ተጋ/ዑሶማን ሳልሕ ሰዒድ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ተስፋማርያም ግደይ፡ ብዓል ቤተይ ሃብቶም ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቕና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ልኡል ደሰሆቅ ብርሃ፡ ኣደይ ወረደሽ ዓስቡ ታእዝዘ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ፈረድ ዓብዱ ኣዳም፡ ስም ኣደይ ኣልማዝ ጉብረ ምባል ተረፉ፡ ሰናይት ተፈሪ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ሚከኤል የሰፍ ይሕደጉ ወደይ መሳኤል ሚካኤል የሰፍ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዛይድ ኣረፈ ስእሉ፡ ወኪል ወ/ሮ ኣስቴር ኣረፈ ስእሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ህድኣት ኣይኒኣለም፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ክፍለማርያም ተከሌ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ናይ ገዘብ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ት/ዕድመ ህያቡ (ምዝገት ኣቶ ኣብርሃ ምሕጹንን) ምስ ሓፍተይ ኣብርሃ ምሕጹን፡ ኣደይ ቅድስቲ መብራህቱ ገብረሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ምጽላል ተኽለ ገብረሚካኤል፡ ብወኪል ርግኣት ተኽለ ገብረሚካኤል፡ ናይ መጻምዲ ማሰለ ይተሓለወለ፡ ከምኡ'ውን 8 ደቀይ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሚን መሰፍን ተስፋጼዮን፡ ኣደይ መድህን ነጋሲ ሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ት/ዕ ማቴዎስ ረዘ፡ ስም ኣደይ ራሄል ከፋሊ ምባል ተረፉ፡ ጀሚላ ከፋሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰለሞዊት ካሕሳይ ተስፋዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣሰረስ ተከአ ኣብድ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቢንያም ሃይለ በርሀ፡ ኣቦይ ሃይለ በርሀ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ገኑት መሓሪ ተስፋልደት ኣደይ ሊያ በራኺ ክንፈ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኤልሳ እስቲፋኖስ መብራህቱ፡ ኣቦይ ኰ/እስቲፋኖስ መብራህቱ፡ ኣብ ዞ/ማእከል ከተማ ኣስመራ ጎደና ኟ ቁ/ገዛ 2 ዝርከብ ገዛኡ ኣመልኪቱ ዝበደፈለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

መብራት ገብረኢየሱስ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኢንጅነር ተኽለ ገብረመስቀል ተስፋጋብር ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ብዓልቲ ቤቱ ሕጋዊት ስለ ዝኾንኩ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣባ ጳውሎስ ደብሳይ፡ ኣቶ ቴድሮስ ደመኹ ደብሳይ፡ ሓወና ኰ/ጳውሎስ ደብሳይ ኣብ ረጂስተራር ቤ/ፍ ቀሪቡ ዝበደፈልና ግሉጽ ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ትብለጽ መብራህቱ ግደይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መንግስትኣብ ገብረገርግስ ገብረኪዳን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

ኣቶ ዓብዱ እድሪስ ዓብደላ፡ ኣደይ ይብራሂም በርሀ ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ነቦና ከኣ ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓብዱ እድሪስ ዓብደላ፡ ኣደይ ይብራሂም በርሀ ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ጸጋይ ገብረእዝጊኣብሄር፡ ዝተፈቕደለን ናይ ኤሌክትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን "ፒሶን ኤሌክትሮኒክስ" (PISON ELECTRONICS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ኣቶ ዳንኤል ኣስመላሽ ገብረወልድ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ምስላጥን ምጽራይን ንግዳዊ ትካሎም "ሳሕል ምጽራይን ምስላጥን" (SAHL CLEARING AND FORWARDING) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ኣቶ መሓመድ ዓብደልቃድር ጀዓር፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ኮንጎን ሸበጥን መሸጣ ንግዳዊ ትካሎም "እምባ ቓጻ መሸጣ ኮንጎን ሸበጥን" (EMBA QATSA RETAIL OF PLASTIC & RUBBER PRODUCTS) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ክብረት ኣስመሮም ሃይመኑ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ሃለኽቲ ንግዳዊ ትካለን "ኦዞን ሱፐርማርኬት" (OZONE SUPERMARKET) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ኣቶ ኣብሰሎም ጸዞ ገብረየሱስ፡ ዝተፈቕደሎም መሸጣ ብሽክሌታን ናውቲ ስፖርትን ንግዳዊ ትካሎም "ናዛን መሸጣ ብሽክሌታን ናውቲ ስፖርትን" (NAZAAN BICYLES &SPORT ARTICLES) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ኣቶ ኣወል ሰዒድ መሓመድ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቪድዮ ፊልም ምፍራይን ምቕራጽን ስቱድዮን ንግዳዊ ትካሎም "ህድሞና ኢንተርተይመንት" (HIDMONA ENTERTAINMENT) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ዘቢባ ዑመር መሓመድ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ መጋጽጺ ኣቕሑን ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካለን "ኤሌጋንዛ ኮስሙቲክስን ቡቲክን" (ELEGANZA COSMOTICS &BOUTIQUE) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቘጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቦይ ብፍ/ሃለቃ በርኸትኣብ ጸገ ልኡላይ 11/04/2015 ዓረፉ፡ ወላዲ ኣቦይ ብህይወቶም ከሎ ብዕለት 02/05/2014 ንዓይ ኣብ ዝፈጸመለይ ግሉጽ ኑዛዜ፡ ኣብ /ዞ/ማ ን/ዞባ በርኽ ምምሕዳር፡ ቁሸት ኣብ 500 ት/ሜትሮ ዝተደኮነ ፕሎት 58 ፓርስል E፡ 4 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ተሰሪሑዎ ዝርከብ መዳውብቱ፡ ብሸሜን ምስ ፓርስል D (ኣቶ ፍጹም ገብረመስቀል) ብደቡብ ምስ ፓርስል F (ምስ ኣቶ ኪዳ ብርሃ) ብምብራቕ ስም ፓርስል L (ወ/ሮ ደርገኣለም ተከኤ) ብምዕራብ ምስ ጎደና፡ ዝኾነ ንሶም ወደና ስውእ መርዓዊ በርኸትኣብ ጸገ ተመዝጊቡ ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ እቲ ብጹሒተይ ንተቐባሊ ኑዛዜ ወደይ ቀሺ ዳንኤል በርኸትኣብ ጸገ ከኸውን ብምባል ኑዛዜ ስለ ዝበደሩ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/01/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 49 ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ቶማስ ለኣኩ፡ ዓፀይ መለይ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ነደይ ብምትካእ ምስ ሓፍተይ የርዳኖስ የማነ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

እስቲፋኖስ ኣርኣያ ዓንደሚካኤል፡ ኣቦይ ኣርኣያ ዓንደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ፍረዝጊ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ህድኣት ፍስሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚካኤል ማስፍን ሓፍትና ኣዜብ ማስፍን ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ተስፋይ ኣቦይ፡ ወለድና ተስፋይ ባሕሪጋሲን ሓረጉ ሕድሩ ሃብተማርያምን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ሰለሙን ዑቕባስላሴ፡ ኣደይ ራሄያ ፍስሓጼን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳራ ኣብርሃም ኪዳኑ፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ገብረሂወት ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኮኾብ እምሃ ኣብዩ፡ ኣቦይ እምሃ ኣብዩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፍኖሪ መኮስ ሃይሉ፡ ኣቦይ መኮስ ሃይለ በራኺ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ደሊና ኣማኑኤል ገብረመሴ፡ ኣደይ ማሾ ተዛረ ርእሶም ምባል ተረፉ፡ መሾ ተዛረ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳመኤል ኪዳነ ንገሰ ምባል ተረፉ፡ ሳመኤል ኪዳነማርያም ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ኣስገዶም ምሕረትኣብ፡ ብዓል ቤተይ ገሪማ ገ/መስቀል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ፍትዊ ኣብርሃ ገርር፡ ኣቦይ ኣብርሃ ገርር ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዓደይ ወልደማርያም ተኽለት፡ ኣደይ ለተብርሃን ድራር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋኣለም ገዙ ገብረገርግስ፡ ኣሞይ ነፍ/ኣብርሃጽዮን ገብረገርግሽ ጉዕሱ፡ ንዓይ ምስ 4 ኣሕዋተይ ዝለበትና ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍሉ ኪዳነ ተስፋጋብር፡ ብዓልቲ ቤተይ ደሃብ ዓንደብርሃን ገ/ስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቢንያም ፍስሃዬ ተኽሉ፡ ኣቦይ ፍስሃዬ ተኽለ ዞሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ናጽነት ርእሶም ዞሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ነፍ/ሄር ሃይለ ኣወዓለም ወልደሰሚያት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝለበዞ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳንኤል የሴፍ ብርሃን የዲት ተስፋዝጊ እስቲፋኖስን ወደና የቤል ዳንኤል ስለዝተሰውኡ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለ ዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ የርዳኖስ ገብረእየሱስ ክብረኣብ፡ ምባል ተረፉ፡ ራሄል ገብረእየሱስ ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ርበል ክፍለ መልኩ፡ ኣደይ በላይኞሽ ኪዳ በርሀ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኣልኣዛር ጺጋይ ወልደየሱስ፡ ወለደይ ጺጋይ ወልደየሱስን ምልእተ ጊላዝጊን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማርያ ቻርተኒ ቬትርዮ፡ ኣደይ ህድኣት ወልደገብርኤል ጭሩም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ብርሃ ተወልዱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳልሕ መሓመድሓሰን፡ ናይ ሞዝዚት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

ዳናይት ስምኦን ደባስ ምባል ተረፉ፡ ሰዛና ስምኦን ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንፍታሌም ሃብተኣብ ደሰዎቅ ምባል ተረፉ፡ ንፍታሌም ሃብተኣብ ኢሳቅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ እምባደርሆ

ኣቶ ኣቶብርሃን ፍካረ እምባፍረሽ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሩታ ተወልደ ገብረንገሱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣቶ ወልደኣብዝጊ የሴፍ ተኸስተ ምባል ተረፉ፡ ወልደእዝጊ የሴፍ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ጺጋ ሰለሙን ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ሰለሙን ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጃቓ

ኣቶ ተኽልኣብ የሴፍ ተስፋስላሴ፡ ኣቡሓጎይ ተስፋስላሴ ሃብተማርያም ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 31 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ክብራ ጸሃየንስ ኣብርሃለይ ምባል ተረፉ፡ ክብራ ጸሃየንስ ኣብርሃለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ትዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሓረገወይኒ ርእሶም ፍስሃዬ፡ ዓፀይ ሃበት ወልደኪዳን ከተማ ስለዝዋረፈት፡ ንሕና 6 ናይ ኣቦና ተተካእቲ መዋቲት ኣሞይ ምስ 2 ተተካእቲ ደቃ ከምኡ'ውን ኣለም ገብረማርያም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ምጽኣል ሃብቱ የሕደጎ ምባል ተረፉ፡ ወ/ሮ ጆርም ሃብቱ የሕደጎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ተወልደ ገብረሚካኤል ተኽሉ፡ ስም ኣደይ በዘነ ሃይለሚካኤል ገብረስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሚዛን ሃይለሚካኤል ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ምሕረት ዘለቀ መሃመስ ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ወልደገብርኤል ስቡሓት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ስምኦን እንደሪያስ ንገሰ፡ ኣዴና ምዕራፍ ፍስሓ ብርሃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዲባርዕድ

ኣቶ ዓረፋ ዓብደርሕማንን ወ/ሮ ፋጥና ዓብደላን ወደና ሳልሕ ዓረፋ ዓብዱራሕማን ስለዝዋረፈ፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ግርማይ ገብርኣብ ዓንደሚካኤል፡ ወለደይ ገብረኣብ ዓንደሚካኤልን ለተጉብየት ወልደምካኤል መንደርን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሰዓዳ ኣደሞ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ ሰዒዳ ኣደም ኣብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረስዋም ዳዊት ሰመረ ምባል ተረፉ፡ ፍረስናይ ኣንሰኣር ገብረእግዚብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ዓብዱ ሳልሕ ዓብደልከሪም ምባል ተረፉ፡ ዓብደልቃደር ሳልሕ ዓብደልከሪም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሓረጉ ገብረሚካኤል ደቦሳይ፡ ኣቦይ ገብረሚካኤል ደቦሳይ ወልዱ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃኑና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ድራር ባህልቢ መሴ ምባል ተረፉ፡ ድራር ባህልቢ መዋስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዕምራ ማሕሙድ ሕሚዳ ምባል ተረፉ፡ ዕምራን ማሕሙድ ሕሚዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛህራ ሓሰን መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሆ ጼጋይ ኣድራሻኡ ካብ 2010 ደሃይ ስለ ዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሳሲ ኣቶ ረድዋን ሓሰን፡ ወኪል ኣቶ ጀማል በሽሬ፡ ተኸሳሲ ወረ/ ነፍ/ ዑመር ሚያ ኸይረዲን ኣቶ ሃሸም ዑመር ሚያ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ሳዕድያ እድሪሱ፡ ብዓል ቤተይ ሓምድ ሰፋፍ ማሕሙድ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ርበል ተስፋይ ገብረትንሳኤ፡ ኣቦይ ተስፋይ ገብረትንሳኤ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ዛህራ ኣሶማኢል ዑመር፡ ስም ኣደይ ሰዒደ ኢብራሂም ኣድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሰዒደ ኣሶማኢል ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ኣመልካቲት ደሃብ የውሃንስ፡ ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ዑቕባማርያም ንጉሰ የውሃንስ ኣቶ ሃብቶም ንጉሰ የውሃንስ ብዘሎ ጉዳይ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/1/2025 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወረ/ኮ ሰዒድ ኣደም ከሊፋ ወ/ሮ በናት ዓብዱ ዓብደልካሬ +5፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኮ ዓብዱራሕማን ዓብደልቃደር ወ/ሮ ፋጡማ ሳልሕ ጀዣር +4 ንሰሸላዊ ጉዳይ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲት ፋጡማ ሳልሕ ጀዣር ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሰስቲ 1.ኣብርሃም ታደሰ 2.ሳራ ታደሰ 3.ኢሳቅ ታደሰ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ኮ ታደሰ ተኪኤ፡ በረኸት ታደሰ፡ ቢፋሞን ታደሰ፡ ሰመረ ታደሰ ንሰም ምትሕልላፍ ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋብኢያ ቁ.33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲ ኣቶ ተስፋሁላይ ባህልቢ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ይትባረኽ ሕሩይ፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ ናይ ትካል ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሰረቀ ገብረእግዚኣብሄር ሓጎስ ምባል ተረፉ፡ ሰረቀ ገብረእግዚኣብሄር ካሕሳይ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ሰም ኣደይ ድማ ሰላስ መረሳ እንግዳ ምባል ተረፉ፡ ብርቱኳን ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚልየን ሹማይ ስበሓቱ ምባል ተረፉ፡ ሚለኑ ሹማይ ስበሓቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ምልእተ ቦኽረጼን ዘርኡ ብዓል ቤተይ ተኽለዝጊ ተ/ማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢይ ይቕረብ።

ኢሰያስ ገብሩ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ኢያሱ ገብሩ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተኣብ ዓንደሃይማኖት ኣባይ፡ ኣዴና ኣማረሽ ሃብቶም ገብረማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ወረ/ኮ/ሄር ንጉሰ ሓጎስ ማዘንግዕ ወረ/ኮ/ሄር ለተኪዳን ሃ/ሚካኤልን 1.ኮ/ሄር ኣድያም የውሃንስ 1.1 ጳውሎስ ሃብተኣብ 1.2.ጴጥሮስ ሃብተኣብ 1.3 ሰቲት ሃብተኣብ 1.4 ሚከኤል ሃብተኣብ 1.5 ጸዮን ሃብተኣብ 2.ኣዜብ ንጉሰ ሓጎስ 3.ወልደሚካኤል ንጉሰ ሓጎስ 4.ኮ/ሄር ኣማኒኤል ንጉሰ ሓጎስ 4.1 ሃና ኣማኒኤል ንጉሰ 4.2 ሰላም ኣማኒኤል 4.3 ሰቡሓትለኣብ ኣማኒኤል ንጉሰ 4.4 ሰናይ ኣማኒኤል ንጉሰ 4.5 ሓረንወይኒ ኣማኒኤል ንጉሰ ናይ ፈጸሚ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/12//24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሄርሞን ፍስሓጼን ተኸሳሲ ኣቶ ናህም ሃብቲ፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተመስሪትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/12//24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ሳባ ክፍለ ገ/ሚካኤል፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ቢንያሻው በዛ ተስፋሚካኤል፡ ንፈጻሚ ዝምልከት መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ለተማርያም ዘርኣይ ገብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተኽለሚካኤል ዘርእማርያም ወልደሰላሴ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣብሰሎም ቢንያም ምባል ተረፉ፡ ኮኾብ ቢንያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ተስፋጽዮን መርሃጽዮን ኪዳን፡ ኣቦይ መርሃጽዮን ኪዳን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት መሓሪ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ወይኒ በርሀ ገብረእየሱስ፡ ሰወእ ብዓል ቤተይ ፍትዊ ኣዋጅ፡ ኣነ ምስ ብዓል ቤተይ ብሰም ኰ/ር ለተጸዮን ገብረንጉስ ገብሩ ዝፍለጥ መንበሪ ገዛ ኣብ ምም/ ከጠ. ዓዲ ባሪ ዝርከብ ክልተ ክፍሊ ገዛን ሰለስተ ተሓጋገዝቲ ክሽነን ሽቓቕን ምስ ካሽለኡ ን15 ዓመት ክንቅመጠሉ ኢልን ብሰነዶ ዝዘበትና ክጽደቐልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኪዳማርያም ግርማይ ወልደገብርኤል ምባል ተረፉ፡ ኪዳ ግርማይ ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ውዳስ ሓድጉ ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ሓበን ሓድጉ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ክብሮም ኣረፋይነ ተኽሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን በላይ ወልዳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንን ከሳሲ ዑቕባይ ተኽለን ተኸሳሲ ተስፋኣም ፍስሃ ዘሎ ናይ ሰቪል ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣሰካሉ ወልዱ፡ ተኸሳሲ 1.ኣቶ ዳዊት ከስተ ገብረእየሱስ 2.ናታን ኣብርሃ፡ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ከሳሲት ሻሹ በርሀ ወለገብርኤል፡ ተኸሳሲ ክብርኣብ ተኽለ ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ማነ

ወ/ሮ ምዕራፍ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ኒጋሲ ፍስሃ ስለዝተሰወአ፡ ወላድ ስለዘይብልና፡ ንኣዴኡ ተብርህ ወልዳይ ገብረኣምላኽ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረሲት ምዃና፡ ንዓይ ድማ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግርማይ ሃብቶም ዓንደብርሃን ምባል ተረፉ፡ ኣማኒኤል ሃብቶም ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ ኣቶ በርሀ ሰዩም ተኣ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መስጠፋ እድሪስ ናፍዕ ናይ ሰም ምትሕልላ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መሓመድ ሰዒድ ኢብራሂም ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ሰዓድ ኢብራሂም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ካሕሳይ ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ለተኪዳን ተኽሉ ሃይሉ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ዳኒኤል ኣብርሃም ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፡ ሂረባል ኣብርሃም ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ምም.ዓዲ ወቐርቲ (ዓዲ ዛምር) ብስም ቀሺ ገብረእግዚኣብሄር ወልደማርያም ክፍሎም ዝተመዝገበ፡ ኣብ ዞን 2 መደብ 8 ቃጽያ 1 ዝተወሃቦም ኦርጂናል ናይ ሊዝ ሰነድ ስለዝጠፋኣኒ፡ ረኺቡ ወይ'ውን ብዕዳ ሓዚዑ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ.ቴሌ 07308796 ደዊሉ ደርክበኒ። እንተዘይትኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሂወት ቀሺ ገብረእግዚኣብሄር

ኣነ ወ/ሮ ሄለን ቆስጣንጢኖስ ብርሃ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM000044/1 ብስመይ ዝተመዝገበ ኣብ ንኡስ ዞባ ገጀረት ከባቢ ማይ ዋላኹ ፕሎት 4R ፓርሰል B ጎደና 755-11 ቁጽሪ ገዛ 14 ዝርከብ መለለዩ ንብረት ASD00003985 ቁጽሪ ASP00002783 ዝተመዝገበ G+1 ገዛይ ሸይጠዮ ስለዘለኹ፡ ዋንነት ናብ ሰም ዓዳጊ ከሲጋር ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ሓዚ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪበ ዋንነት ናብ ሰም ዓዳጊ ከሲጋር ምዃነይ ንሕብር።

ወ/ሮ ሄለን ቆስጣንጢኖስ ብርሃ

ብስም መርየም ኢድሪስ መሓመድ፡ ኣብ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና ሰጋለት-ቀጣን ዚፕ- 1A134 ፕሎት 31 ቁ. ገዛ 52 ስፍሓት 150 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 44475/68282 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብህያብ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣመልካቲት መርየም ኢድሪስ


## መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ከምቲ ልሙድ ክህቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ሕጂውን ንኹሎም ሞያዊ ስልጠና ዝደልዩ ኣብ ዘዘጥዕሞም ግዜን ሰዓትን ኣብዞም ዝስዕቡ ኮርሳት ስልጠና ቀጺሉ ከምዘሎ ይሕብር።

ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ ግራፊክስ |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ | ➢ ቪድዮ ኤዲቲን |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ ጽገና ሞባይል |
| ➢ ካሜራ ሹቲን | ➢ Principle of Accounting + Peachtree Software |
| ➢ ኣውቶ ካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and in design)

፧ 2ን ልዕሊኡን ንዝማሃሩ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር

፧ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

ኣድራሻና፥ ንመጻዓዝያ ምቹእ ቦታ ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ፊት ራካ ሬስቶራንት።

ቴሌ. 112244/07204551/07218432

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ቀጺሉ

ስፖርታዊ ንጥፈታት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ቀጺሉ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጻዕዳ ክርስትያን ንእምባዛራ 1ብ0፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንደምባ ሰምባል 4ብ1፡ ሓላይ ንሱሓርቲ 6ብ0፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንሰማእታት 3ብ2 ከሰንፉኣን እንከለዉ፡ ርእሲ ዓዲ ንኢብራሂም ሱልጣን፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሰምበል፡ ልምዓት ንዩኮር ብተመሳሳሊ 1ብ0



ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኢብራሂም ሱልጣን 2ብ0፡ ሓርነት ንደንደን 5ብ1፡ ሓላይ ንሱሓርቲ 7ብ0 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ባርካ ንሰማእታት ኢሳቕ ተወልደ መድህን ከኣ ንደምባ ሰምባል ብተመሳሳሊ 4ብ0 ረቲዐናኣን፡፡ ቀይሕ ባሕርን ሰምባልን ግና 3ብ3 ተፈላልየን፡፡

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ እምባዛራ ንጻዕዳ ክርስትያን 3ብ0፡ ሓርነት ንደንደን 4ብ0፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንደምባ ሰምባል፡ ሓላይ ንሱሓርቲ፡ ሰማእታት ንርእሲ ዓዲ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኣብራሂም ሱልጣን ረቲዐናኣን፡፡

ኣብ ኵዕሶ መርበብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ባርካ ንጻዕዳ ክርስትያን፡ ሰምባል ንደቐሰብ፡ እምባህራ ንሚናበ ዘርኣይ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንዲያኑ፡ ሓርነት ንደንደን፡ ልምዓት ንዩኮር፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንደምባ ሰምባል፡ ሓላይ ንሱሓርቲ፡ ሰማእታት ንርእሲ ዓዲ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኢብራሂም ሱልጣን ብተመሳሳሊ 2ብ0 ኣሰኒፈንኣን፡፡

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ባርካ ንጻዕዳ ክርስትያን፡ ሰምባል ንደቐሰብ፡ እምባዛራ ንሚናበ ዘርኣይ፡ ተኾር ንልምዓት፡ ሓላይ ንሱሓርቲ፡ ርእሲ ዓዲ ንሰማእታት፡ ኢብራሂም ሱልጣን ንኣስመራ ሓፈሻዊ 2ብ0 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንዲያኑ፡ ደንደን ንሓርነት፡ ደምባ ሰምባል ንኢሳቕ ተወልደመድህን ብተመሳሳሊ 2ብ1 ረቲዐናኣን፡፡

ኣብ ኵዕሶ ሰከይት ደቂ ኣንስትዮ፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሓርነት 20ብ17፡ እምባዛራ ንሰምበል 52ብ2፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንሓላይ 28ብ0፡ ደምባ ሰምባል ንልምዓት 23ብ22፡ ሰማእታት ንደንደን 30ብ20፡ ባርካ ንኣስመራ ሓፈሻዊ 64ብ4 ረቲዐናኣን፡፡

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ እምባዛራ ንሰምበል 81ብ1፡ ቀይሕ ባሕሪ ንሓርነት 68ብ27፡ ሰማእታት ንደንደን 65ብ38፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንኢብራሂም ሱልጣን 14ብ12፡ ልምዓት ንደምባ ሰምባል 34ብ2፡ ሓላይ ንኢሳቕ ተወልደመድህን 36ብ18 ከምዝሰዓረኣን፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተረኸበ ሓበሬታ የረድእ፡፡

## ስልጠናን ውድድርን ባይታ ተኒስ ተኻዪዱ



ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴኒስ ኤርትራ፡ ካብ ዝሓለፈ 2 ታሕሳስ ጀሚሩ ስልጠናን ውድድርን ናይ ዓረብያ ተኒስ (Wheel chair Tennis) ምኽኑ ሓቢሩ፡፡

እዚ ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን (ቃኘው) ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና ቀድሚ ምዝዛሙ፡ ተወዳደርቲ ኣብ ክልተ ምድብ ተኸፊሎም ከምዝተጻወቱ'ውን ይሕብር፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣብ ምድብ 'ሀ' ኣንገሶም ወልዳይ ንቴድሮስ ኣረጋይ 10ብ3 ሰዒሩ ድሕሪ ምሕላፉ፡ ኣብ ዝቐጸለ ውድድሩ'ውን ንደበሳይ ጌታሁን 10ብ1 ሰዒርዎ፡፡

ኣብ ምድብ 'ለ' ከኣ፡ ቢንያም ዓንቀጸብርሃን ንመሓመድኣደም ማሕሙድ 7ብ4 ሰዒርዎ፡፡ ብዘይካዚ፡ ተኽሊት ኪዳን ንኣምባስ ብርሃ 7ብ1 ብምርታዕ ናብ ዝቕጽል ጸወታታት ሓሊፎም፡፡

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 15 ታሕሳስ ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን ክዛዘም እዩ፡፡

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ተዛዚሙ
### ፓራዲዞ፡ ብኵዕሶ እግሪ ጐብለል ኮይና



ጋላ ነፍሒ ናይ ኣትለቲክስ ጐብለል

ጨንፈር ኮምሽን ስፖርት ዞባ ማእከል ምስ ፌደረሽናት ብምትሕብባር ክካየዶ ዝጸንሐ ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት፡ ቀዳም 7 ታሕሳስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተዛዚሙ፡፡

እዚ ን16 ንኡሳን ምምሕዳራት ዞባ ማእከል ዘሳተፈ ውድድር፡ ኵዕሶ እግሪ፡ ቅድድም ብሽክሊታን ኣትሌቲክስን ብኽልቲኡ ጾታ እዩ ተኻዪዱ፡፡

ኣብቲ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ዝተኻየደ መዛዘሚ ዕለት፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ቴራቮሎ ንፓራዲዞ 2ብ1 ብምስዓር ዋንጫ ኣልዒሉ፡፡

ኣብ ተመሳሳሊ ጾታ ትሕቲ 15 ዓመት ድማ፡ ገዛ ጥንዳን ፓራዲዞን ተጻዊተን፡፡ ኣብ ምዱብ ግዜ 2ብ2 ብምፍልላየን ከኣ፡ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን፡፡ ፓራዲዞ 5ብ4 ተዓዊታ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ናይ ክሊ ዕድመ 12-13፡ 14-15 ከምኡ'ውን 16-17 ቀዳሞት ዝወጻ ዋንጫን መዳልያን ክሽለማ እንከለዋ፡ ካልኣይን ሳልሳይን መዳልያ ተሸሊመን፡፡ ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ንሳልሳይ ግዜኣ ጐብለል ብምዃና ድማ ዝዞረት ዓባይ ዋንጫ ወሲታ (ንሓላላ ወሲዳታ)፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ቅድድም ብሽክሊታ ኣብ ተመሳሳሊ ክሊ ዕድመ ክልተኡ ጾታ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ተሸሊመን፡፡ ብጋንታ ከኣ፡ ንኡስ ዞባ ገጀረት ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስን ንኡስ ዞባ ጎዳይፍን ድሕሪኣ ተሰሪዐን፡፡

ብዘይካዚ፡ ኣብ ኣትሌቲክስ ካብ 50 ሜትሮ ክሳብ 3000 ሜትሮ፡ ብበደረጃኡ ዘሎ ርሕቐት ብኽሊ ዕድመ ብክልቲኡ ጾታ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሪለይ፡ ዳርባ ዓረር፡ ዳርባ ጭማራ፡ ዝላን ዲስኮስን ብውልቒን ብጋንታን ዕወታት ተሸሊሞም፡፡ ብደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ድማ፡ ቀዳመይቲ ጋላ-ነፍሒ፡ ካልኣይቲ ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ሳልሰይቲ ማይ ተመናይ ብምዃና ተዓዊተን፡፡

ኣብዚ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣስታት 3 ሽሕ ህጻናት ከምዝተሳተፉ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ፡፡

## ባድሚንተን - ምስ ቻይናውያን ጸወታ ተኻዪዱ

ሊድያ በረኸት

ፌደረሽን ባድሚንተን ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ምስ ወከልቲ ሰራሕተኛታት ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ደንደን ጂምናዝዩም ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣካዪዱ፡፡

እዚ ውድድር፡ ምሕዝነታዊ ዝምድናታት ንምድልዳል ዝዓለመ እዩ ነይሩ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ጽምዲ ውድድር፡ ሙሴ ኣርኣያን ቢንያም ክሱተን ንፈንግ ቾጂን ሁዋንግ ዊፐናን 2ብ1 ሰዒሮሞም፡፡ ከምኡ'ውን ኢዛና ኪዳንን ሙሴ ካሕሳይን ንዋንግ ሻይን ዚንግ ዊነውን፡ ኣቤል ኣብርሃምን ሰናይ ኢዮብን ንሁ ቺንግሊንን ኩ ያንግሎንግን ብተመሳሳሊ 2ብ0 ረቲዖሞም፡፡ ኣብ ንጽል ጸወታ ከኣ፡ ኣቤል ኪሮስ ንዛንግ ጃንዞ 2ብ0 ሰዒሩዎ፡፡

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጽምዲ ውድድር፡ ሊ ሚንግዩን ዣግ ሚንንን ንሰልቫና ኣብሰሎምን ሰልቫና ኣብሰሎምን ሰዒረናኣን፡፡ ኣብ ንጽል ጸወታ ድማ፡ ዳናይት ቢንያም ንዣግ ሚን 2ብ0 ኣሰኒፋታ፡፡



ብዘይካዚ፡ ኣብ ሕውስዋስ ጽምዲ ጸወታ፡ ሩትኤል ኣርዓዶምን ዳናይት ፍጹምን ንሉ ሺንሱን ያንግ ሚንን 2ብ0 ረቲዖሞም፡፡ ሄርሞን ማእከለን ዳናይት ቢንያምን ከኣ፡ ንሊ ሚንግዩን ሁ ቺንግሊንን 2ብ1 ሰዒሮሞም፡፡

## ዜና ዕረፍቲ

ጉዱም ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ እስማዒል መሓመድሰዒድ፡ ብዝሓደሮ ሕማም ትማሊ ሰሉስ 10 ታሕሳስ ኣብ ማእከል 74 ዓመቱ ኣብ ከተማ ከረን ዓሪፉ፡፡

ብ1950 ኣብ ከተማ ከረን ዝተወልደ እስማዒል፡ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብታ ከተማ ተማሂሩ፡፡ ብዘበርኮ ክእለት ስምዒት ኵዕሶ እግሪ ከኣ፡ ብንኡስ ዕድመኡ ምስ መዛኑኡ ኣብ ጋንታታት ከረን ክጻወት ጀሚሩ፡፡ ቀዳመይቲ ዝተጸንበራ ጋንታ ኣልሂላል ክትከውን እንከላ፡ ኣብ 1967 ናብ ኣስመራ ብምምጻእ ምስ ጋንታ ሓማሴን ተጸምቢሩ፡፡ ክሳብ 1975 ድማ ምስኣ ተጻዊቱ፡፡ ኣብቲ እዋን ድማ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ተሰሊፉላ፡፡



ኣብ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ እስማዒል፡ ኣብ 2008 ናብ ሃገሩ ብምምላሱ፡ ብዝተፈላለየ ጸፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብዝወፈይነት ዘገልገለ ስፖርተኛ እዩ፡፡ ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ሰሉስ 10 ታሕሳስ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ ከተማ ከረን ሰደራቤቱ፡ መጻውቲቱን ኣፍቀርቲ ኵዕሶ እግርን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብኽብሪ ተፈጺሙ፡፡ እስማኢል፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሸዱሽተ ደቂን እዩ፡፡

ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ዓንሰባ፡ ብዕረፍቲ ጉዱም ተጻዋታይ እስማዒል መሓመድ ሰዒድ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መጻውቲቱን ጽንዓት ይምነ፡፡

## ሮሜሮ፡ ንሽዱሽተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ



ናይ ጭዋዳ ጸወታ ተቐዩሩ እዩ ወጺኡ፡፡

ብመሰረት ምንጪታት፡ እዚ ሓደ ካብ ወሳኒ ተጻወቲ ቶተንሃም ዝኾነ ኣርጀንቲናዊ ንሽዱሽተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ሮሜሮ፡ ናይ መወዳእታ ጸወታ ዓመት 2024 ኣንጻር ቸልሲ እዩ ኣካዪዱ፡፡

ተኸላኻሊ ክለብ ቶተንሃም ክሪስቲያን ሮሜሮ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ሰሪ ዘጋጠሞ መጕዳእቲ ንሽዱሽተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ - ብመሰረት ምንጪታት፡፡

ሮሜሮ፡ ቅድሚ'ቲ ሰንበት ኣንጻር ቸልሲ ዘካየዶ ጸወታ፡ ብሰንኪ ናይ ኣጻብዕቲ ጸገም ኣብ ኩሉ ውድድር ሓሙሽተ ጸወታታት ከሲሩ እዩ፡፡ ናብዚ ናይ ለንደን ደርቢ ጸወታ ተመሊሱ ንመስመር ምክልኻል ጋንታኡ ድርዒ ክኾና ትጽቢት እናተገበረሉ ግና፡ ክንድ 15 ደቓይቕ ክጻወት ኣይከኣለን፡፡ ብሰንኪ ናይ ጭዋዳ ጸወታ ተቐዩሩ እዩ ወጺኡ፡፡

ዳግማይ ምእላይ ሮሜሮ፡ ኣብ ሻውዓይ ናይ ሊግ ስዕረት እዚ ወቕቲ ብቸልሲ ዝቐመሰ ዓላሚ ኣንጅ ፖስተኮግሉ፡ ሕማም መርዘን እዩ፡፡ ድሕሪ ጸብሒ ሓሙስ ናይ ኤውሮፓ ሊግ ጸወታ፡ ሰንበት ናይ ሊግ ጸወታ ንምክያድ ናብ ሳውዝሃምፕተን እትገዓዝ ቶተንሃም፡ 22 ታሕሳስ ምስ ሊቨርፑል ከበድ ግጥም ይጽበያ፡፡ ኣቐዲማ ከኣ፡ ሓሙስ 19 ታሕሳስ ኣብ ካራባኦ ካፕ ንማን ዩናይትድ ክትዕድማ እያ፡፡

## መደብ ጸወታ
### ሎሚ

ቻምፕዮንስ ሊግ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ስሎቫን ብራቲስላቫ 8፡45 ድ.ቀ

ሊል - ስትሩም ግራዝ 8፡45 ድ.ቀ

በሬኣ - ቦሎኛ 11፡00 ድ.ቀ

ኤሲ ሚላን - ክርቨና ዝቨዝዳ 11፡00 ድ.ቀ

ቦሩሽያ ዶርቱሞንድ - ባርሴሎና 11፡00 ድ.ቀ

ፈይኑርድ - ስፓርታ ፕራጋ 11፡00 ድ.ቀ

ጁቬንቱስ - ማን ሲቲ 11፡00 ድ.ቀ

ሽቱትጋርት - ያንግ ቦይስ 11፡00 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ሞናኮ 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## 2024፡ ኣብ ታሪኽ እታ ዝወዓየት ዓመት ተባሂላ

2024፡ ኣብ ታሪኽ እታ ዝወዓየት ዓመት ኮይና ከም እተመዝገበት፡ ኣገልግሎት ምክትታል ኩነታት ኣየር ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ዘካየዶ ሓዲሽ መጽናዕቲ ኣረጋጊጹ።

እቲ ሓዲሽ መጽናዕቲ ከም ዘረድኦ ወዲ-ሰብ በቲ ጋዝ ክጥቀም ካብ ዝጀመረ ንደሓር፡ ዓለማዊ ዋዒ ብዘየሰክፍ ደረጃ እናኸደ ወሲኽ እንተጸንሐ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ብፍላይ ድማ ኣብ 2024 ግን፡ ዓለማዊ ዋዒ ብዝምጋም ብልዕሊ 1.5 ዲ.ሴ ወሲኹ ኣሎ።

በዚ ኸኣ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ከቢድቲ ክሰራታት ዘስዓቡ ዓበይቲ ሓደጋታት ከም ዝተመዝገቡ ዝጠቕሱ ክኢላታት፡ ኢጣልያን ሃገራት ደቡብ-ኣመሪካን ተራእዩ ብዘይፍለጥ ደርቂ፡ ኔፓል፡ ሱዳንን ገለ ሃገራት ኤውሮጳን ሂወት ብዙሓት ሰባት ብዘወሰደ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ሜክሲኮ፡ ማሊ፡ ስዑዲ-ዓረብን ኣብ ህይወት ሰብ ክሳራታ ብዘውረደ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣመሪካን ፍሊፒንስን ድማ ቡቲ ንኣዋርሕ መዚቢ ማዕበናት ዜና ኮይኑ ዝጸበረ ህቡባዊ ዝናብ ከም እተጠቕዓ ኣረዲኦም።

ዝሓለፈት 2023 እውን ኣብ ታሪኽ እታ ዝወዓየት ዓመት ተባሂላ ተመዝጊባ ምንባራ ዝጠቕሱ እቶም ክኢላታት፡ ዓመታዊ ዝርኣ ዘሎ ወሰኽ ሙቐት - ሳዕቤን ናይቲ ወዲ-ሰብ ዘዘውትሮ ዘሎ ዘይምዕሩይ ኣገባብ ዘይብሉን ኣጠቓቕማ ከሰል ምኻኑ ኣገንዚቦም።

ብዙሓት ሰብ-ፍልጠተኛታት፡ መጠን ወሰኽ ሙቐት ዓለምና ኣብ 1.5 ዲ.ሴ ንምድራት ክሰርሓሉ'ኳ ክጽውዑ እንተጸንሑ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ተመዝጊቡ ዘሎ መጠን ሙቐት ግን፡ ወሰኽ ሙቐት ዓለምና ኣብ 1.5 ዲ.ሴ ከም ዝዩድረት ዘርኢ ምኻኑ'ዩም እቶም ክኢላታት ዘመልክቱ።




## ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ንመጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ሶርያ ኮኒኑ

እስራኤል፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ከተማ ደማስቆን ካልኦት ከተማታትን ሶርያ ዘካየደቶ ልዕሊ 100 ናይ ኣየር መጥቃዕታት፡ ቀጠር፣ ስዑዲ-ዓረብን ዒራቕን ዝርከብኦን ብርክት ዝበላ ሃገራት ኮኒነንኦ።

እቲ መጥቃዕቲ፣ ንሰለስተ ዓበይቲ መዓርፎ-ነፈርቲን ካልኦት ወተሃደራውያን ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ምፍራይ ሱ-ቀመማዊ ኣጽዋር ዝጥፍ ማእከል ምርምር'ውን ሓደ ካብ'ቶም ዝተደብደቡ ዒላማታት ምንባሮም ኣረጋጊጾም።

እንተኾነ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሰብ ዘውረዶ ጉድኣት ምህሳዉን ዘይምህላዉን ኣመልኪቱ ዝተዋህበ ዝኾነ ዝርዝራዊ ሓበሬታ የለን።



ዝሓለፈ ሰንበት፡ ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ ስልጣኑ ገዲፉ ናብ ሩስያ ድሕሪ ምህዳሙ፡ ብልፍንቲ ኣንጻሩ ክቃለሱ ዝጸንሑ ዕጡቓት ጉጅለታት ንከተማ ደማስቆ ከም እተቆጻጸሩ ብወግዒ ገሊጾም እዮም።

እስራኤል ብወገና፡ ኣብ ሶርያ ዝርከብ ኣጽዋር ኣብ ኢድ ጥሩፋት ጉጅለታት ከይወድቕ ንምግታእ ጸዕርታት ተካይድ ከም ዘላ እያ ትሕብር።

ንልዕሊ 23 ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ፕረዚደንት ባሻር ኣል-ኣሳድ፡ ኣብዚ እዋን ምስ ስድራ-ቤቱ ኣብ ከተማ ሞስኮ ተዓቒቡ ከም ዝርከብ፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ብወግዒ ኣፍሊጡ እዩ።

ድሕሪ ምውዳቕ መንግስቲ ሶርያ፡ መራሕቲ ጀርመንን ፈረንሳን ምስቲ ኣብ ሶርያ ዝምስረት ሓድሽ መንግስቲ ክተሓባበሩ ድሉዋት ከም ዝኾኑ ይሕብሩ ኣለዉ።

## ሆንዲ፡ ወተሃደራዊ መሳርሒታት ካብ ሩስያ ትዕድግ

ህንዲ፡ 4 ቢልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ራዳር ካብ ሩስያ ንምሻማት ከም እተሰማምዐት ኣፍሊጣ።

እቲ 'ኣልማዝ ኣንተይ' ብዝተሰምየ ኮርፖረሽን ሩስያ ዝፈረየ ራዳር፡ ክሳብ 8000 ኪ.ሜ ርሕቐም ንዝርከቡ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ይኹን ነፈርቲ ክለሊን ክቆጻጸርን ከም ዝኽእል ህንዲ ሓቢራ።


በዚ ከኣ እቲ ራዳር ንዓቕሚ ሓይሊ-ኣየራ ኣብ ምጉልባት ወሳኒ ተራ ክህልዎ ምኻኑ፡ እታ ሃገር ወሲኻ ኣመልኪታ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን፡ ጉጅለ ሰራሕተኛታት ኮርፖረሽን ኣልማዝ ኣንተይ፡ መደባት እቲ ፕሮጀክት ንምሕንጻጽ ናብ ህንዲ ኣምሪሖም ከም ዝነበሩ'ዩ ዝገለጸ።

ልዕሊ 60 ሚእታዊት ናይቲ ኣብ ክፍሉ-ሃገር ካርናታካ ከም ዝስራዕ ዝነገረሉ ዘሎ ራዳር፡ ብህንዳውያን መሻርኽቲ ከም ዝዕመም እዩ መንግስቲ'ታ ሃገር ዝሕብር ዘሎ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ትማሊ ሰሉስ ብኩባንያ መፍረ መራኽብ ሩስያ ዝፈረየት መርከብ ውግእ ንህንዲ ከም እተረከበት ይገልጽ ኣሎ።

እዛ 125 ሜትሮ ቁመትን 3900 ቶን ክብደትን ዘለዋ 'ቱሽል' ዝተሰምየት መርከብ ውግእ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ህንዲ ዝኣዘዘተን መራኽብ ውግእ ምኻና'ዩ ዝነገር ዘሎ።



## ፊሊፒንስ - ብእሳተ-ጎመራ ልዕሊ 54 ሽሕ ሰባት ተመዛቢሎም

ኣብ ማእከላይ ክፋል ፊሊፒንስ ዝርከብ እሳተ-ጎመራዊ እምባ ካንሎን ድሕሪ ምንታጉ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ልዕሊ 54 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት-ንብረቶም ክግዕዙ ከም እተኣዘዙ ይሕብር ኣሎ።

መንግስቲ ፊሊፒንስ፡ ሓደገኛነት ናይቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነበርቲ ብቕልጡፍ ክግዕዙ ትእዛዝ ከም ዝመሓላለፈ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ እሳተ-ጎመራ ኣብቲ ዝትኮሉ ከባቢ ሱናሚ ክስዕብ ስለዝኽእል፡ ነበርቲ ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ክኢላታት ሜትሮሎጂ እታ ሃገር ኣተሓሳሲቦም ኣለዉ።

እቲ ኑቱጉ እሳተ-ጎመራ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት'ውን ብዙሓየለ መልክዑ ክቕጽል ከም ዝኽእል እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

እቲ እምባ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ማስከረም'ውን ብተመሳሳሊ ኑቲጉ ምንባሩ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ሓያለ ሰባት ናይ ጥዕና ጸገማት ዘኸተለ - ኣሽሓት ቶን መርዛም ጋዝ ናብ ሰማይ ተፈኑ ከም ዝነበረ ኣረዲኦም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እቲ እምባ ካብ 1866 ንደሓር ጥራይ ልዕሊ 40 ግዜ ኑቲጉ ኣሎ።

ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ፍሊፒንስ ዝርከቡ 24 ንጡፋት እሳተ-ጎመራ ዝኾነ እምባ ካንሎን፡ ካብ ጽፍሒ-ባሕሪ ኣስታት 3000 ሜትሮ ብራኸ ኣለዎ።



## ሞሮኮ፡ ኣብ 2024 ኣስታት 16 ሚልዮን በጻሕቲ ኣአንጊዳ

ሞሮኮ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 11 ኣዋርሕ፡ ሓድሽ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ ቁጽሪ በጻሕቲ ከም ዘአንገደት፡ ሚኒስተር ቱሪዝም እታ ሃገር - ፋጠም ዛህራ ኣፍሊጣ።

ኣብዘን ዝተጠቕሳ ኣዋርሕ ልዕሊ 15.9 ሚልዮን በጻሕቲ ናብ ሞሮኮ ከም ዝኣተዉ ዝጠቕሰት እታ ሚኒስተር፣ እቲ ኣሃዝ ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብ10 ሚእታዊት ከም ዝዓበየ ሓቢራ።

እታ ብዓልቲ-ስልጣን እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጽሪ በጻሕቲ ኣገዳሲ ዘተባብዕ ምኻኑ ድሕሪ ምሕባር፣ ዕላማ መንግስቲ፣ ንሞሮኮ ሓንቲ ካብ'ተን ብዙሓ በጻሕቲ ዘአንግዳ ቀዳሞት 15 ሃገራት ዓለም ምግባር ምኻኑ ኣረጋጊጻ።

ሞሮኮ ኣብዚ እዋን ናብ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ዓለም መስመራት በረራ ኣየር ከፊታ ከም ዘላ ዝሓበረት እታ ሚኒስተር፣ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ መስሕብ በጻሕቲ ዝኾኑ መዓርፎ ኢጋይሽ ንምሕዳስ'ውን ዓቢ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ወሲኻ ገሊጻ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እታ ሰሜን ኣፍሪቃዊት ሃገር ካብ ጾላት ቱሪዝም ጥራሕ ልዕሊ 9.67 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ረኺባ።

ሞሮኮ፡ ኣብ 2026 ዓ.ም 17.5 ሚልዮን በጻሕቲ፡ ኣብ 2030 ዓ.ም ድማ 26 ሚልዮን በጻሕቲ ክተአንግድ መደብ ከም ዘለዋ'ያ ትሕብር።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ገዛ ኸኒሻ | 11/12/2024 | ጎደና ክሳድ ጉዋ 195 ከባቢ 2ይ ደረጃ ቤ/ት ኢሳቕ ተወልደመድህን | 08202877 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565